# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.249 | ሓሙስ 18 ሰነ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3


ቻይና፡ ካብ ‘ፍወሳ ብነውጺ’ ከመይ ኣምለጠት፧

ገጽ 4

ድምጺ ሰማእታት ካብ እምባታት ጽንዓት

ገጽ 10
ቃለ መሕተት ምስ ቀዋሚት ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ው/ሕ/ሃገራት


ገጽ 11
ማእከል - ውድድር ሰደቓ ተኒስ ተዛዚሙ

## ዓንሰባ - ንስድራ ሰዉኣትን ደቂ ሰዉኣትን ገንዘባዊ ደገፍ ተገይሩ



ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ከርከ ከተማ ከረንን ሓጋዝን ብዘወሰድዎ ተበግሶ፡ ብምኽንያት መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ 191 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ ሰዉኣትን ደቂ ሰዉኣትን ሓገዝ ገይሮም፡፡

በዚ መሰረት፡ ከርከ ምምሕዳር ከበቢ ሽዱሽተ ከረን 28 ሽሕ ናቕፋ፣ ሰራሕተኛታት ዝተፈላለያ ትካላት ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝን ወተሃደራዊ ሆስፒታል ግላሰን ድማ ብድምር 163 ሽሕ ናቕፋ፡ ብምምሕዳራት ንዝተለለያ ስድራ-ቤታት ኣበርኪቶም፡፡

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ዓንሰባ ሓላፊት ኣሃዱ ማሕበራዊ ድሕነት ወ/ሮ ጉት ሃብተ፡ 20 ሰነ - መዓልቲ ምሕዳስ መብጽዓን ምትግባር ሕድሪን ከምዝሽኦት ብምጥቃስ፡ ስለ’ቲ ዝተወሰደ ተበግሶ መጉሱ፡፡

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣባላት ማሕበር ወጋኑ ታክሲ ሚኒባሳት ከረን፡ ብ16 ሰነ ኣብ ቀጽሪ መቓብር ሓርበኛታት ከረን ማእቶታዊ ስራሕ ኣሰላሲሎም፡፡

እቲ ዕማም ሕልናና ዘቐሰነ ምኳኑ ዝጠቐሱ ኣባላት፡ ኣብ መጻኢ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ተወሃሂደም ተመሳሳሊ ንጥፈታት ከሰላስሉ ድሉዋት ምኳናም ኣረጋጊጾም፡፡

ኣቦ ምምሕዳር 04 ከረን - ኣቶ ፍካረ ሃብተኣብ ብወገኑ፡ ልዕሊ 37 ሽሕ ናቕፋ ወጻኢ ብምግባር፡ ንልዕሊ 2 ሽሕ ኣግራብ ሰማእታት ካብ ባልዓት ንምክልኻል ዝዕለመ ስራሕ ከምዝዕመመ፡ ወኪል ኤረና ሓቢሩ፡፡

ብኻልእ ወገኑ ኣብ መላእ ዞባ ዓንሰባ - ካብ 11 ክሳብ 19 ሰነ ዝቐጸል ስፊሕ ወፈራታት ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ይካየድ ከምዘሎ፡ ከኣብ ቦትኡ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ፡፡

---

## ጋሽ ባርካ - ንቑሕ ተሳትፎ ኮም ኣብ ምክልኻል ገበናትን በደላትን ክዓዝዝ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ

ድሕነት ሕብረተሰብን ምዕባለ ሃገርን ንምርግጋጽ፡ ንቑሕ ተሳትፎ ኮም ኣብ ምክልኻል ገበናትን በደላትን ክዓዝዝ፡ ኣዚ ፖሊስ ዞባ ጋሽ-ባርካ ሌተናል ኮሎኔል ሃይለሚካኤል ተስፋጋብር፡ ምስ ከርከ ንኡሳን ዞባታት ሻምብቆን ላዕላይ-ጋሽን ኣብ ዝተዩዶ ሰሚናራት ኣተሓሳሰበ፡፡

ኣብ’ቲ ካብ 13 ክሳብ 15 ሰነ ዝተኻየደ ሰሚናራት፡ ሰላምን ልዕልና ሕግን ምርግጋጽ፣ ናይ ሃገርን ህዝብን ሰላምን ጸጥታን ምውሓስ፣ ሕግን ስርዓትን ምኽባር፣ ከምኡ’ውን ገበን ከይፍጸም ምክልኻል፡ ምስ ዝፍጸም ድማ መርማሪካ ናብ ፍርዳዊ ኣካል ምቕራብ ካብ ቀንዲ ተልእኾ ፖሊስ ኤርትራ ምኳኑ ዝሓበረ ሌተናል ኮሎኔል ሃይለሚካኤል፡ ማዕረ-ማዕረ ምዕባለ ቴክኖሎጂ - ገበናትን በደላትን እናተራቐቑ ምምጽኦም ብምጥቃስ፡ ንምቁጽጻሮም ምትሕብባር ህዝቢን ፖሊስን ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጹ፡፡

ብደረጃ ዞባ፡ ካብ ጠቕላላ ኣብ መደበራት ፖሊስ ዝተመዝገበ ጥርዓናት፡ መጠን ፈጸምቶም ዘይተረኽቡ ገበናት ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብምንጽጻር ብ2 ሚእታዊት ከምዝጎደለ፣ ወዲቑ ተረኺቡ ናብ ፖሊስ ናይ ዝተረከበ ንብረት ድማ ብ5 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ብዝተወሳኺ ገሊጹ፡፡

ኣመሓደርቲ ናይ’ተን ንኡሳን ዞባታት ብወገኖም፡ እቲ ሰሚናራት ኣብ ምብራኽ ኣፍልጦን ንቕሓትን ሕብረተሰብ ኣብ ሕግን ምክልኻል ገበንን ልዑል ምኳኑ ብምጥቃስ፡ ምትሕብባሮም ምስ ፖሊስ ከምዝዕዘዙ ኣረጋጊጾም፡፡

ተሳተፍቲ ድማ፡ ተመሳሳሊ ኣስተምህሮታት ክሕይል፣ ኣብ መርዓታት ዝርአ ዕግርግር መጉትኢ ክኸበረ፣ ሕጽረት ኣገልግሎት መጎዓዝያ ቀልጢፉ ክኸበረ፣ ከምኡ’ውን ሓደገኛ ወልፈታት ንምግታእ ብውህደት ክስራሕ ተላቢዮም፡፡





---

## ጊንዳዕ - ኣህጉራዊ መዓልቲ ልግሲ ደም ብደረጃ ዞባ ተዘኪራ

14 ሰነ - ኣህጉራዊ መዓልቲ ልግሲ ደም፡ ብደረጃ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣብ ጊንዳዕ ተዘኪሩ፡፡

ኣቦመንበር ወለንታውያን ለጋሲ ደም ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ተወልደ ተስፋዝጊ፡ ዕላማ ናይ’ቲ ዝኽሪ ኣባላት ማሕላኦም ከሐድሱ፣ እቶም ዛጊት ዘይልገሱ ዘለዉ ድማ ኣብ’ዚ ሕልናዊ ዕግበት ዝሁብ ቅዱስ ተበግሶ ክጸንበሩ ንምትብባዕ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ በብእዋኑ ደም ንዝልግሱ ዘለዉ ዜጋታት ሞጊሱ፡፡

ንጥፈታት ማሕበር ኣብ’ቲ ዞባ ናብ 10 ንኡሳን ዞባታት ብምስፍሑ፡ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብምውህሃድ ኣድማዒ ስራሕ ይዕመም ከምዘሎ’ውን ኣረጋጊጹ፡፡

ሜዲካል ዳይረክተር ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል ጊንዳዕ - ዶ/ር ሳሚኤል ወልደገብርኤል ብወገኑ፡ ብጉዱሳት ወለንታውያን ዝልገስ ደም ኣብ ምድሓን ህይወት ኣገዳሲ ተራ ከምዘጻወት ብሕቡር፡ ንቕሓት ሕ/ሰብ ኣብ ዝሓሸ ደረጃኡ እንተለ፡ ናብ’ቲ ዝድለ ደረጃ ንምብጻሑ ግና ስራሕ ከም ዘድልዮ ኣረዲኡ፡፡

ፕረዚደንት ማሕበር ለጋሲ ደም ኣብ’ቲ ዞባ ኣቶ ረዘነ ፍስሃ ድማ፡ ቀጻልነት ወለዶታት ንምውሓስ፡ ኣፍልጦን ርድኢትን ናይ’ቶም ደም ክልግሱ ዕድመኦም ዘፍቅደሎም መንእሰያት ምብራኽ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ብምዝኽኻር፡ ክሳብ ሕጂ ብድሌትን ተበግሶን ስሩዕ ልግሲ ዝካይዱ ዘለዉ ኣባላት ሞጊሱ፡፡

ንተራን ኣበርክቶን ወለንታውያን ለጋሲ ደም ዘመጉሰ ኣኪያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ክብሮም ዓንደሚካኤል፡ ቀጻልነት ልግሲ ደም ንምውሓስ ብደረጃ ዞባ ኮማዊ ሰረት ምትሓዙ ስለዘድሊ፡ ምምሕዳር ዞባ ኣብ ጎኒ ማሕበር ኰይኑ ከምዝሰርሓሉ ኣረጋጊጹ፡፡

---

## ዓሰብ - ብቑዓት ስነ-ጥበበኛታት ንምፍራይ ይስራሕ ከምዘሎ ተገሊጹ

ቤት-ጽሕፈት ሃግመተኤ ኣብ ን/ዞባ ዓሰብ፡ ብቑዓት ስነ-ጥበባውያን ንምፍራይ ዝወደቦ ንኣስታት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ንጥፈታት፡ ብ13 ሰነ ተዛዚሙ፡፡

ሓላፊ ናይ’ቲ ቤት-ጽሕፈት መንእሰይ ዓሊ ኣሕመድ ሓዩ፡ እቲ መደብ - ድራማ፡ ግጥሚ፡ ቅብኣ፡ ትልሂትን ስነ-ጽሑፍን ከምዝጠቓልል ብምሕባር፡ ኑቶም በብወገኖም ክኢጥፉ ዝጸንሑ ስነ-ጥበበኛታት ብምጥርናፍ ብቕዓቶም ንምፍታሽን ንምምዕባልን ዝዓለመ ከምዝኾነ ኣብሪሁ፡፡

ኣብ’ቲ 800 ዓቕሚ-ሰብ ዝተሳተፎ መደብ፡ 28 ሃገራዊ ደርፍታት፡ 35 ግጥሚታት፡ ከምኡ’ውን መዛሙር፡ ድራማ፡ ስነ-ጽሑፍ፡ ሞኖሎግ፡ ቅብኣን ትልሂትን ፈርዩ፡፡

ሓላፊ ሃግመተኤ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ዑስማን ዓብደልቃድር፡ ኣብ ባህላውን ዘመናውን ብቑዓት ስነ-ጥበኛታት ንምፍራይ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ዝምስገን ውጽኢት ደርኪቡ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ቀጻሊ ከምዝኸውን ኣብሪሁ፡፡

ዜና

# ደቡብ - ስልጠና 'ጥበባት ምምራሕ መደብን ድምጽን' ተዋሂቡ



ብደረጃ ዞባ ደቡብ፡ ብጥበባት ምምራሕ መደብን ደሃያት ድምጽን ብክልሱ-ሓሳብን ግብርን ኣብ ደቀምሓረ ዝሰልጠኑ 70 ሞያውያን፡ ብ12 ሰነ ተመረቑ።

ስልጠና ጥበብ ምምራሕ መደብ፡ መለለዩታት ኣድማዒ መራሒ መደብ፣ ፍሉይ ተራ መራሒ መደብ ኣብ ባህላዊ ምርኢታት፣ ኣድላይነት ክእለት ምብሃል ኣብ ምምራሕ መደብ፣ ቅርጺ መእተዊ ኣብ መድረኽ፣ ምልላይ ኣቐራርባ መደብ፣ መሰጋገሪ መደባት፣ ምሕደራ ዘይተሓሰበ ጸገማት፣ ምምሳጥ ተዓዘብቲ፣ ፕሮቶኮልን ምሕደራ ኣዝዩ ኣገደስቲ ሰባትን፣ ከምኡ'ውን ነፍሱ'ግዛብ ዝብሉ ኣርእስትታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ስልጠና ዓውዲ ደሃያት ድምጺ ድማ፡ ሓፈሻዊ ክልሱ-ሓሳብ መዚቓን ድምጽን፣ መሰረታዊ ትምህርቲ ደሃያት ድምጺ፣ ጥቕሚ ስርዓት ምስትንፋስ ኣብ ደሃያት ድምጺ፣ ክልሱ-ሓሳባውን ግብራውን ትምህርቲ ኣብ ምብራኽ ስጉምቲ ፍልጠታዊ ጥበባት ደሃያት ድምጺ፣ ኣገዳስነት ልምምዳት ደርፍን መዝሙርን፣ ከምኡ'ውን ክንክን ጥዕና ስርዓተ ድምጺ ኣብ ዝብል ኣምራት ዘተኮረ ነይሩ።

ኣሰልጣኒ ጥበብ ምምራሕ መደብ - ስነ-ጥበበኛ ግርማይ ኣብርሃም፡ ሰልጠንቲ ዝርኣይዎ ተገዳስነትን ናይ ግዜ ድስፕሊንን ብምምጓስ፡ ንዘቕሰምዎ ፍልጠት ብግብራዊ ስራሕ ከማዕብልዎ ኣተሓሳሰበ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ኣብርሃም የውሃንስ ብወገኑ፡ እቲ ስልጠና - ንዝሎ ሃንፋት ንምምላእ ዝዓለመ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ኣብ ቦትኦም ንዝሎ ሕጽረት ክፈትሑ ተላብዩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ብወገኑ፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ስልጠና ብምጥቃስ፡ ከይተሓለልካ ምስራሕ ናብ ዝበረኸ ዓወት ዘደይብ መሳልል ስለዝኾነ፡ ሰልጠንቲ ሞያኦም ከማዕብሉ ኣዘኻኺሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ብ9 ዓውድታት ሞያ ክሰልጥኑ ዝጸንሑ ካብ ንኡሳን ዞባታት መንደፈራን ዓዲ ኳላን ዝተዋጽኡ ልዕሊ 550 መንእሰያት፡ ብ13 ሰነ ተመረቑ።

እቶም ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ብግብርን ክልሱ-ሓሳብን ዝሰልጠኑ መንእሰያት፡ 425 ካብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፣ 128 ድማ ካብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ'ዮም።

እቲ ስልጠና፡ መሳርሒታት መዚቓ፡ ምዝርጋሕ መስመራት ኤለክትሪሲቲ፡ ምትካልን ምጽጋንን መርበብ ጸሓያዊጸዓት፡ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፡ ስነ-ጽባቐ ጸጉሪ ርእስን ገጽን፡ ስነ-ጽሕፉፍ፡ ቀዳማይ ረዲኤት፡ ከምኡ'ውን ካራተን ትልሂትን የጠቓልል።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ግርማይ ገብሩ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ማሕበር ዝርግሐኡ ንምስፋሕ ከምኡ'ውን ኣብ ምህዞን ሰንዓን ዝጠቕሙ መንእሰያት ዝያዳ ባይታን ዕድልን ንክረኽቡ ብውጥን ይሰርሕ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣቦ-መንበር ባይቶ ዞባ ደቡብ መምህር ወልዳይ ገብረ ኣብ ዝሃቦ መዘዞሚ ቃል፡ መንእሰያት ካብቲ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ንኽልወጡ ፈለማ ነፍሶም ክልወጡ ከምዝኾኑ ብምዝኽኻር፡ ኣርኣያ ስጉምትን ኣብነታዊ ዕዮን ክኾኑ ምዒዱ።

# ዒላበርዕድ - ምህርቲ ልምዓት ጀራዲን ይስስን

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሓደሽ ዓዲ - ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ዝለምዕ ዘሎ ጀራዲን ወጽኢታውነቱ እናዓበየ ይመጽእ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ሓረስቶት ንኡርና ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ከባቢ ዝሃብዮ ዝቕበልን ብፍርያት ኣሕምልትን ፍረታትን ፍሉጥን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ምህርቶም ካብ ከበኦም ሓሊፉ ናብ ዝዓበየ ዕዳጋታት ይለኣኽ ከምዘሎ ኣብሪሆም።

ህዝቢ ሓቢሩ ንብረቱን ሰንጭሮታቱን ሳላ ዝዘለየን ዝኸተረን፡ ትሕተ-ባይታዊ ማይ እናሃብተመ ከምዝመጸ ብምጥቃስ፡ ምህርቲ ጣፍ ንምስሳንን ኣብ ግንቦት-ሰነ ዘጋጥም ሕጽረት ማይ ንምፍታሕን ደገፍ ምምሕዳርን ሚኒስትሪ ሕርሻን ሓቲቶም።

ኣብ ሓደሽ-ዓዲ፡ ልዕሊ 140 ሄክታር ፍረታትን ኣሕምልትን ዘልምዑ 180 ሓረስቶት ኣለው።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284


# ናቕፋ - ብርትዓዊ ዋጋ ኣገልግሎት ማሕረስ ይወሃብ ኣሎ

ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ብርትዓዊ ዋጋ ኣገልግሎት ማሕረስ ብትራክተራት ይህብ ኣሎ።

እተን ትራክተራት፡ ናብ ምምሕዳራት ከባቢ እንደለል፡ ባቅላ፡ ማሬት፡ ናቕፋ፡ ኣግራዕ ሞሀን ኣበሎን ተዋፊረን ንሓደ ሰዓት ብሕሳብ 175 ናቕፋ'የን ኣገልግሎት ዝህባ ዘለዋ።

ብዩታዊ ኣገዛብ ከሊይደዎ ዝጸንሑ ንጥፈታት ኣብ ርእሲ'ቲ ኣድካሚ ምዃኑ ወጽኢቱ ኣዕጋቢ ከምዘይነበረ ዝጠቐሱ ሓረስቶት፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት ግና ብርትዓዊ ክፍሊት ንዝተመደባ ትራክተራት ተጠቒሞም፡ መሬቶም ብእዋኑ ክሓርሱ፡ ከስልሱን ከዳላድሉን ከምዝኽኣሉ፡ ምህርቶም'ውን ብኡ መጠን ክብ ከምዝበለ ገሊጾም።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኣቶ ማሕሙድ እድሪስ ብወገኑ፡ እኹላት ትራክተራት ኣብ ግዜኡ ምውፋረን ኣብ ንጥፈታት ሕርሻ ዓቢ ጽልዋ ከምዘለዎ ብምግላጽ፡ ብጠቕላላ ኣስታት 860 ሄክታር ከምእተሓርሰ ሓቢሩ።

# ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ዊና፡ 118 ተመሃሮ ብሰርትፊኬት ኣመሪቓ

ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ እትርከብ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ዊና፡ 42 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 118 ተመሃሮ፡ ብ14 ሰነ ብሰርትፊኬት ኣመረቓ።

ተመረቕቲ፡ ብዓውድታት ዕረያ መኪና፡ ኤለክትሪሲቲ፡ ስርሓት ህንጻ፡ ከምኡ'ውን ጸርበት ዕንጸይቲን ሓጺንን ንክልተ ዓመት ብግብርን ክልሱ-ሓሳብን'የም ትምህርቶም ተኸታቲሎም።

ዳይረክተር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ቃልኣብ ዘርኡ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ተመሃሮ ቀሲሞምዎ ዘለዉ ፍልጠት ኣብ ማሕረስ ህንጻት ሃገር ዝለዎ ኣስተዋጽኦ ብምጥቃስ፡ ንሃገሮምን ህዝቦምን ብዝጸፈ ስራሕ ከምዝገልግሉ ጸኒዑ እምነቱ ገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርቲ ኣቶ ተስፋይ ስዩም ድማ፡ ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ዊና ኣብ ዝሓለፈ 36 ዓመታት ዘፍረየቶም ሓያሎ መንእሰያት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከበባታት ሃገር ኣድማዒ ስራሕ ይዓሙ ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ዘመናዊ ናውቲ ንምዕጣቕ ብዕቱብ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ወኪል ተመረቕቲ ብወገኑ፡ መሰረታዊ ሞያዊ ዓቕሚ ደለቦም ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ሃገር እትጠልቦ ኣበርክቶ ክንብሩ ድሉዋት ምዃኖም ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ጸብለልታ ዘርኣዩ ተመሃሮ ክሽለሙ ከለዉ፣ ብተመረቕቲ ዝተሰርሐ ስራሕ ንምርኢት ቀሪቡ።

# ተሰነይ - ሰራሕተኛታት መንግስቲ ንሰድራ ስዉኣት ገንዘባዊ ሓገዝ ገይሮም

ኣብ ከተማ ተሰነይ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ካብ ወርሓዊ ደሞዞም ዘዋጽእዎ 190 ሽሕ ናቕፋ፡ ብምኽንያት 20 ሰነ ን395 ስድራ ስዉኣት ተመቓሪሖ።

ስድራ ስዉኣት ናይ ምእላይ መደብ ብህዝብን ወግንቲ ትካላትን ንዊሕ እዋን ክስርሓሉ ምጽንሑ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ስዩም ገብረእየሱስ፡ ነቲ ተበግሶ ንዘወሰዱ ሰራሕተኛታት መጒሱ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብተመሳሳሊ ኣገባብ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ዘዋጽእዎ 170 ሽሕ ናቕፋ፡ ን370 ስድራ ስዉኣት ከምእተመቓረሐ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዓብደልሓሚድ እስማዒል ብወገኑ፡ እቲ ዝግበር ደገፍ ክጸዓ'ቲ ቁጠባዊ ረብሓኡ ዝኸይድ ረዚን ትርጉም ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ካልኦት ኣካላት'ውን ክስዕብዎ ኣዘኻኺሩ።

ብኻልእ ወገኑ ብኢጋጣሚ 20 ሰነ - ሰራሕተኛታት ትካላት መንግስቲ ኣብ ጸሮና፡ ነብርቲ ሓውሲ ከተማ ጸሮናን ካልኦትን ኣድማዒ ወፈራ ኣካይዶም።

እቲ ብ14 ሰነ ዝተኻየደ ማእቶት፡ ምንዳቕ መቓብር ሓርበኛታት፡ ከምኡ'ውን ምጽሳይ ኣግራብን ካልእን ዘጠቓለለ ነይሩ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ጸብጻብ ጸወታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበባት |
| 15:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 16:00 | ፓኖራማ |
| 16:25 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 18:40 | ፈዮረና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዕላል ምስ ደራሲትን ዳይረክተርን ተኸታታሊ ፊልም ክብረት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ቁጠባን ዋኒንን

ተስፋይ ሓጉስ

## ቻይና፡ ካብ 'ፍወሳ ብነውጺ' ከመይ ኣምለጠት፧

ታሻዓይ ክፋል

*ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ካብ ዘተማሳረተትሉ እዋን ዝጀመረ ናይ ለውጥን ኩነታትን ማስርሕ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ካብ ግዝዓ ሓያሊዩ ሰብ ዘተኸወለ ኣይኮነን። እዚ ከኣ ወጻኢት ናይቲ ዘተኻየደ ቁጠባዊ እረማን ኑቲ እረማ ትኽከለኛ ሓዲዱ ንምትሓዝ ናይ ዘተራእየ ናይ ሓሳብ ቅልስን እዩ። እቲ ኣብ መንጎ ንኽጪንት ቻይና ብዓበኢ ዘተመኮሉ ጉዳይምን መንእሰያትን ብሓደ ወገኑ ብኽልሱሓሳባዊ መረዳእታ ጥራይ ዝምርሑ ድማ በቲ ካልእ ዝበረ ናይ ሓሳብ ቅልሱ እቲ እረማ ዝምርሓሉ ኣገባብ ደፋእታዊ ዶ ይኹን ስርብተኛዊ ኣብ ዝብል ዘተኩረ ነበረ። ኢዛካ ወበር ነው ቻይና ኢስክይፐድ ሾክ ተራፒ ኣብ ዘርእስታ መጽሓፉ ካብ ዝበረረ መረዳእታ ከኣ ይስዕብ።*

ኣብ እረማ ቻይና ከም ሓሰቡቲ ዘተሳተፉ ፍሉይ መለለዩ ዘለወን ጉጅለታት ዘቕውሙ ነበሩ። ሓደ ካብኡ ከም ወለዶ ዘሕለፍዎ ተመክሮ ነበረ። ድሕረባይታኦም ከኣ ምስቲ ንህይወቶም ዝጸለወ ኣብ ታሪኽ ቻይና ዘተራእየ ዘይርጉእ ኩነታት ዝሬላለ ነበረ። ምሁራዊ ሓበሬታኦም'ውን ፍሉይ ብዘየኻ ውልቃውን ምሁራውን ገፀዞኦም ብፍሉይ ዘተጻልወ ነበረ። በዚ መንጽር ክርኣ እኽሎ ድማ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ጉጅለ ይምደቡ። እታ ሓንቲ ኣብ 1950ታት ንዝበረ ዓበላሊ ኣተሓሳስባ ከበራብሩ ዝደልዩ ዝሓዘት ኮይና ኣብ 1980ታት ድማ ብመንእሰያት ተመራመርትን መሃንድሳትን (ብመደብ ባህላዊ ሰውራ ናብ ገጠራት ቻይና ዘይከዱ) ዝተደርወተ'ያ።

እታ ካልኣይቲ ጉጅለ ከኣ ኣብ ገጠራት ብዘተደገዎ ሰውራዊ ቃልሰን ናይ ወግኢ ቁጠባን ዝተመኩሩ ጉዳይም ኣባላት ስልፊ ዝሓዘት ነበረት። ደገፍቲ ናይዛ ጉጅለ ከኣ ብመደብ ባህላዊ ሰውራ ናብ ኣኽራናትን ገጠራትን ቻይና ተላኢኾም ካብ ዘበሩ መንእሰያት ነበሩ። እቲ መስርሕ፡ ኑቶም መንእሰያት "ብኻልእ ኣገባብ ክየገዝዙዎ ዘይክእሉ ኣብ ገጠራት ንዝበረ ምሕር ድኽነት" ክምዝከቶርም ዝገበረ'ዩ። ካብቶም 17 ሚልዮን ዝጽሐሩ መንእሰያት፡ ገሊኦም ብድሌቶም፡ ብወዚ ዝኸዱ ገሊኦም ከኣ ተገዲዶም ዝኸዱ ነበሩ። እቶም መንእሰያት፡ ካብ ኣፍላ ዕደመኦም ክሳዕ መፋርቕ ዕስራታት ምስ ሓረስቶት ምንባር ዝተላመዱ እዮም። እዚ ከኣ ካብቶም ዝሓሰ መማህርቶም ይኹን ኣብ ከተማ ካብ ዝተረፉ መቱኦም ዝተፈልዩ ገበሮም። ቀንዲ ዝዓጦም ጉዳይ ከኣ ጉዳይ ማሕረሻን ሕርሻን ነበረ።

እቶም ኣብ ገጠራት ዝበሩ መንእሰያት፡ ምስ ናይ ሓረስቶት ጥሜትን ድኽነትን እናተፋጠጡ ቻይናዊ ማሕበርት ዝምርሓሉ ሓደሽ መገዲ ሃሰው ክብሉ ግዜኦም ጥልቀትን ስፍሓትን ኣብ ዘለዎ ንባብ የሕልፍዎ ነበሩ። ኣብቲ ናይ እረማ እዋን ወሰንቲ ካብ ዝኾኑ ኣባላት ሓዲ ካብ በይጂንግ ናብቲ ዝተመደበ ቦታ ቅድሚ ምንቃሉ "ልዕሊ 80 ሚኢታዊት ካብ ህዝቢ ቻይና ብሕርሻ እዩ ዝናበር። ንቻይና ክርዳእ ዝደሊ ሰብ ድማ ኣብ ገጠር ንዝሎ ሓቀኛ ህይወት ክፈልጥ ኣለዎ። ዝ ከኣ ከተግብሮ'የ" ኢሉ ንቀረብቱ ዝገለጸ'ዩ። እቶም ምስ ገጠር ጥቡቕ ምትእስሳር ዝበሮም ጉዳይምን መንእሰያትን ዘቖምዋ ጉጅለ ኣብ እረማ ቻይና ወሳኒን ፍሉይን ጸምዶ ገበረት።

እታ ጉጅለ፡ ኣብ እረማ ገጠር ሓደሽ ዝኾነ፡ ህይወት ቻይናውያን ሓረስቶትን ኣቃውማ ፖለቲካዊ ቁጠባ ቻይናን ዝቐየረ ለውጢ ኣብ ምድራኽ ወሳኒ ተራ ተጻወተት። ጸምዶ ናይቶም ጉዳይምን መንእሰያትን ምሁራት ከኣ ነቲ ለውጢ ዘቀላጠፈ ግብራዊ ፈተነታት ኣብ ባይታ ዘካይድ ነበረ። እቶም መንእሰያት ስቶጠበኛታት ድማ ንሕርሻ ኣብ ዝምልከት እረማ ጸለውቲ ኮኑ። ኣእምሮ ናይታ ቀዳመይቲ ጉጅለ ግና ንእረማ ዋጋን ዓለማ ክየበር ንዘክኣል ሚሳላዊ ስርዓትን ኣብ ዝምልከት ክልሱ ሓሳባዊ ምይይጥ ዘተኩርን ብጹኡ ዝተባሕተን ነበረ። እዚ ኣተሓሳስባ ከኣ ምስቲ ፍወሳ ብነውጺ ዝተባህለ ኣገባብ ገለ ተመሳሳልነት ዝበሮ'ዩ።

ጥሙር ኣገባብ ማሕረስ ኣብ ሕብረተሰብ ቻይና ኣደማዒ ወጽኢት ስለዘይተረኸቦ ናይ ምእራሙ ድሌት ዓብዩ ነበረ። እቲ "ዓቢ ዝላ ንቅድሚት" ብዝብል ሰየመ ክትግበር ዝተፈተነ መደብ፡ መንቀሊ ናይቲ "ዓቢ ዓጸቦ" ኮይኑ ስለዝተራእየ ከኣ ሕርሻዊ እቶት ዝዕብየሉ ሓደሽ ኣገባብ ናይ ምንዳይ ድሌት ዛየደ። ሰድራቤታት ብበውልቀን እኽሊ ንኸፍርያ ውዕል (ኮንትራት) ምዃብ ድማ ከም ኣማራጺ ኣገባብ ተራእየ። እታ ኣብ ክዉንነት ንዝምርኮስ (ፕራግማቲካዊ) ኣካይዳ ቻይና ተመልክት ህብብቲ መግለጺ ደን ሾፒን ከኣ ሽው ዝበሉ'ያ።

ደን ሾፒን ኣብ መግለጺኡ፡ "ብዛዕባ ውግእ ኣብ ዝረብሉ እዋን ብጹይ ልዩ ዝጠቕሳ ምሳላ ሰሸዋን ኣሎ። 'ድሙ፡ ኣንጭዋ ክሳዕ ዝሓዘት ቢጫ ድያ ጻዕዳ ኣየገድስን'ዩ።' ንቻንጋይ ሽክ ዝየጸርናዮ በቲ ዘውቱር ኣገባብ ጥራይ ንዋጋእ ስለዘይዓበርና'ዩ። ኣብ ወሰን ኩነት ዝሎ ብልሚ ክትጥቀመሉ ምኽኣል ቀንዲ ዕላማና'ዩ። ሕርሻዊ ፍርያትና ናብ ዝበሮ ክምለስ እንተደሊና ከኣ ናይዚ ዘለናዮ መድረኽ ብልሚ ክንጥቀመሉ ግዴታ'ዩ። ስለዚ፡ ናይ ምፍራይ ዝምድናታትና ኣብ ሓደ ተደሪቱ ክተርፍ የብሉን። ተባዮሎ ሓፋሽ ዘኽትት ዝኾነይኹን ኣገባብ ክንርዕም ድማ ኣድላዪ ይኸውን። ኣብዚ እዋን፡ ሕርሻ ይኹን ኢንዱስትሪ ንቅድሚት ክሰጉም እንተኾይኑ ሓደ ስጉሚ ንድሕሪት ምልስ ክየብልካ ዝኸውን ኣይመስለን" ብዝብል ሓሳብ ነቲ ሓደሽ ኣገባብ ደገፉ ኣጸረ።

እንተኾነ እቲ ንስድራቤታት ውዕል ናይ ምዃብ መደብ ብናይ ማኦ ደርኸት ዛዊሕ ከይጸንሐ ደው በለ። ደን ሾፒን መራሒ ምስ ኮነ'ውን ኣብ ዝተወሰኑ ከባብን ንፈተነን እንተዘይኮይኑ ቀልጢፉ ሕጋዊ ኮይኑ ኣይተተግበረን። ናይ ማኦ ሞዴል፡ ሕርሻዊ እቶት፡ ብጋንታን ብጥርኑፍን ከም ዝፈርን ዝውሃብን ዝገብር'ዩ። ኑቲ መስርሕ ዘድሊ እታውን ማሽነሪን ከኣ ብበራጊድ ወይ ማሕበራት ይቐርብ። እተን በራጊድን ማሕበራትን ድማ ካብቲ እቶት ብጽሒት ኣለወን።

እዚ ከኣ መኸሰብ ዘመንጩን ብመንግስቲ ንዝተዋህበ ኮታ ዘማልእን ነበረ። እቲ ናይ ውዕል ሓሳብ ግና ኑቲ ብጥሙር ዝካየድ ዝበረ ሕርሻ ናብ ስድራቤታት ከምዝሰጋገር ዝገብር'ዩ። እዚ ከኣ ውልቃዊ መተባብዒ ዝዓበየ ደራኺ ሓይሊ ዝገብርን ንግኣዊ ቁጠባዊ ሕርሻ ዘፍርስ ሓዲ ስጉምን ነበረ።

ጥሙር ማሕረስ ብዘተዋገዲ ዕውት ዝኾኑሉ ከባቢታት'ውን ነይሩ'ዩ። እቲ ዝዓበየ ፖለቲካዊ ቅልስ ድማ ብደረጃ ስድራቤት ዝመሃብ ሕርሻዊ ውዕል ኣብቲን ከባቢ ፍቒድ ክምዝኸውን ምግባር ነበረ። ኑቲ ሓደሽ ኣገባብ፡ ብስሉሓሳባዊ መዳይ ንድሕሪት ከም ምምላስ ዝወሰድዎን ብምሽሬ ንዝተደገፈ ሕርሻዊ እቶቶም ክዩዳኽሞ ዝሰግኡ መራሕትን ከኣ ተቓወሙ። ስለዚ፡ እቲ ኣብ ገጠር ክትግበር ዝደለ ሓደሽ እረማ ክዕውት እንተኾይኑ ኑቶም ዝቃወሙ ምሳዩር ግድን ነበረ። ወጽኢት ናይቲ ኣብ ገለ ከባብን ብዝተወሰኑ ደረጃን ዝካየድ ዝበረ ሕርሻዊ ውዕል ምጽናዕ ድማ እቲ ዝበለጸ ኣብ ጭብጢ ዝተመርኮሰ ፍታሕ ኮይኑ ተረኽበ።

በታ ኣብ ልምዓት ገጠር ከተኮኩር ዝቖመት ጉጅለ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ድማ ኣደማዕነት ናይቲ ሓደሽ ኣገባብን ኣብ ሓረስቶት ዘለዎ ተቐባልነትን ዘመልከት ኮነ። እዚ ኑቶም "ምንዳይ ሓቂ ካብ ጭብጢ" ዝብል ሜላ መንግስታዊ ምሕደራ ዘኽተሉ ጉዳይም ሓጋዚ ነበረ። እቲ ኣገባብ ከኣ ሓደሽ ስም ተዋሂብዎ መንግስታዊ ፖሊሲ ክኸውን በቕዐ።

እንተኾነ መራሕትን ገለ ወሰንቲ ናውቲ ማእቶትን ዋኒኑቶም ህዝባዊ ኮይኑ ቀጸለ። እንታይ ይዝርኡ ንሓረስቶት ዝወሃብ ናጻ ምርጫ'ኳ እንተኾነ ካብኦም ዝድለ መንግስታዊ ኮታ ግና ከማልኡ ኣለዎም። ዝተረፈ እቶቶም ግና ከምድላዮም ንኽየማሓድርዎ ተፈቒደሎም።



እታ ኣብ ልምዓት ገጠር እተተኩር ጉጅለ ኣካል ናይቲ ኣብ ቤ/ት ማሕበራዊ ስፍልጠት ዝውድብ ማእከል ሕርሻዊ ቁጠባ እያ። ኣባላታ ድማ ናብ ገጠራት ቻይና ካብ ዝተላእኹ መንእሰያት ነበሩ። ኣብ ወግዓዊ ምጅማር ስራሕ ናይታ ጉጅለ ሓደ ካብ ዓበይቲ መራሕቲ ዴሳዊ ስልፊ፡ "ናብ ከተማ ምስ ተመለስኩም'ውን ግና ብገጠራትና ትሓስቡ ኣለኹም . . . ሓረስቶት ኢኹም ነይርኩም፡ ሕጂ'ውን ፍልጠትኩምን ክእለትኩምን ኣብ ምምዕባል ገጠራት ከተውዕልዎ ድሌት ኣለኩም። ህይወትኩም ዝ ዕላማ ከተወፍይዋ ድሌት ከምዘለኩም ብቓላትኩም ገሊጽኩም ኢኹም . . . ናይ 800 ሚልዮን ሓረስቶት ሽግር እንተፈቲሕና ኣብ ታሪኽ ቻይናን ዓለምን ዓቢ ስጉሚ'ዩ" በሎም።

ሓያሊዩ ዓበይቲ መራሕቲ ዴሳዊ ስልፊ'ውን ኑቲ ሓሳብ ደገፍዎ። ገለ ከኣ ኑቶም መንእሰያት ተመራመርቲ ብኸፉት ልቢ ኣተባብዕዎም። ኣብ ባይታ ንዘካይድዎ ፈተነታት ይጠቕም'ዩ ዝበልዎ ሃገራት ዝጥቀምሉ ኩሉ ዓይነት ኣገባባትን ክልሱሓሳባትን ክጽንዑ'ውን ደረኽዎም። እቶም ጉዳይም መራሕቲ ከም ቀንዲ ዝርእይዎ ዝበሩ ጉዳይ፡ ሓደ ሃገር ኣብ ማሕበርትዶ ርእሰማልነት ይምደብ ዘይካስ ኑቲ ሕብረተሰብ ብጽቡቕ መዳይ ዝጠቅም ደዩ ዝብል ነበረ። እቶም መንእሰያት ድማ ምስልን ጸለውትን ናይቲ ዝዓበ እረማ ክኾኑ ከኣሉ። ኣብ ምዕባይ ሕርሻዊ እቶት ሰፊሕ ዓወት ምስ ኣመዝገቡ ከኣ ኣብ 1984 ናብ ካልእ ወጣሪ ናይ እረማ ጉዳይ ኣድሃቡ። ናብ ናይ ዋጋ እረማ።

እቲ እረማ ድማ ንጽልዋ ናይ ክልተ ኣገባባት ብዘምርምር ፈተነ ክቶፎድ ሓሳብ ቀረበ። እቲ እማመ ተቐባልነት ስለዝረኸበ ድማ ኣብ ዝተወሰና ከባቢታት ክቶዩድ ዘድሊ ደገፍ ተገብረ። ንድሬ ናይቲ ፈተነ ከኣ ኣብ ሓደ ከባቢ ኣዝዩ ጥንቁቕ ኣገባብ እረማ ዋጋ ክየበር ኣብ ካልእ ከባቢ ድማ ስርብተኛዊ ዝኾነ እረማ ክቶፎድ ዝብል'ዩ። ምንጉት ናይቲ ፈተነ ከኣ ብመንግስቲ ዝውሰን ዋጋ ካብ ናይ ዕዳጋ ዝተሓተ ብምኻኑ ግብረ ከም ምኽፋል'ዩ ዝብል ነበረ። ስለዚ፡ እቲ ኮታ ተሪፉ ሓረስቶት ግብረ ከምዝኸፍሉ ምግባር ከም እማመ ቀረበ። እዚ ከኣ ኣብ ገለ ከባቢ ተፈተነ። እንተኾነ እቲ ፈተነ ዕውት ኮይኑ ኣይተረኸበን።

ገሊ ኣብ ጉጅለ ልምዓት ገጠር ዝበሩ ኣብ ዋጋ ቅልጡፍን ስርብተኛዊን እረማ ምኪያድ ይከኣል'ዩ ዝብል እምነት ዝበሮም ድማ ካብቲ ፍሹል ፈተነ እኹል ምህሮ ቀሰሙ። ሕርሻዊ እቶት ምስሳጉን ኣብ ዝኾነሉ እዋን'ውን ከይተረፈ ቁጡብ ዝኾነ ኣገባብ እረማ ካብቲ ብደረጃ ፖሊሲ ዝትግበር ነውጻዊ ናጽነት ዝበለጸ ምዃኑ ተራእየ። ብተወሳኺ፡ እቲ ብመንግስቲ ዝቶዩድ ዕድጊ ከም ምንጪ ፈስካላዊ እቶት ዘገልግልን ዑደት ኣቕሓ ኣብ ዞባታት ውሑስ ዝገብርን ጥራይ ዘይኮነስ ንሽመትትን ሽየጥትን'ውን ጠቒ እዋኑ ካብ ዘጋጥም ነውጻዊ ናይ ዋጋ ለውጥታት ዝከላኸል ምዃኑ ነታ ኣብ ልምዓት ገጠር እተተኩር ጉጅለ ግልጺ ኮነ። እቲ ምስ ምዃብ ውዕል ሕርሻ ንስድራቤታት ዝቶዩድ መንግስታዊ ዕድጊ ድማ ልክዕ ከምቲ ኣብ ጥንታዊት ቻይና ዝበረ ኣገባብ ኣብ ዋጋታት ንዘፍጠር ክብደ-ለጠቕን ዘሀድእ ነበረ። እቲ ፈተነ እቲ ክልተ-ኣንፈ ዘለዎ ስርዓተ-ዋጋ ከምቲ ደገፍቲ ሓደሽ ክላሲካውያት ዝበልዎ ኣብ ክፈላዊ ሕርሻዊ እቶት ዝወሰን ልዑል ዝማጠኑ ግብረ ጥራይ ዘይካስ ብተሳትፎ መንግስቲ ኣብ ዕዳጋ ዝቶዩድ ሕርሻዊ ምህርቲ ዘዐቢ ስሩዕ ኣገባብ ምዃኑ'ውን ዘርኣየ ነበረ።

ኣብ ምጅማር ናይቲ እረማ ከኣ እቲ ዋጋታት ናይ ምትዕርራይ ዕማም ኣብ ኣጠቓላሊ ኣገባብ ዝተሰረተ ክኸውን ድሌት ዝበሮም ስቶጠበኛታት ንወሳኒ ክፋል ናይቲ ስርዓት ዝኾነውን ትኽክለኛ ውጥን ምድላው ዕላማኦም ነበረ። ከምኡ ዝበለ ምትዕርራይ ኣዝዩ ሓደገኛ ምዃኑን ንግዜኡ ዋላ እንተኾነ ድማ ኑቲ ቁጠባ ብምሉኡ ክሀምሾ ከምዝኽእል ተወሲኑ ብምንባሩ ከኣ ኣይተተግበረን። ኣብ ቅመራ ዝተመስረተ ምትዕርራይ ዋጋ ዝትግበረሉ ተኽእሎ ክሀሉ ብዘተወፋይነት ዝጽዕሩን ዝመራመሩን ድማ ነበሩ። እንተኾነ እቲ ብዙሕ ሜላታትን መገዲታትን ማዕረ ማዕረ ዘካይድ ኣገባብ ቀስ ብቐስ ባይታ ረኸበ። በቲ ኣብ ሕርሻ ዝተኻየደ እረማ ዝተረኽበ ዓወት ከኣ መንልበቲኡ ስለዝኾነ ከም ወግዓዊ ፖሊሲ ክትግበር ጀመረ። ገለ ካብቶም እጹብን ድንቅን ዝኾኑ ናይ እረማ ውጥን ንምንዳይ ንዓመታት ሃሰው ዝበሉ ከኣ እቲ ጥንታዊ ዝመስል ኣገባብ ከም ቀንዲ ናይ እረማ ስርዓት ኮይኑ ምብራኹ ሕጉሳት ኣይገበሩን። ሃገፍ ናይቲ ኣገባብ ግሁድ ኣብ ዝኾነትሉ ዝኾነት ህሞት ከኣ ንምጥቃዑን ደገፍ ናይ ማእከላይ መራሕቲ ንኽረኽቡ ዝጽዕሩን ዝሀንጠዩን ነበሩ።

ይቕጽል

# ድምጺ ሰማእታት ካብ እምባታት ጽንዓት

ሳሙኤል ገብረብርሃን
ክፍሊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን

ሰነ ኣብ ዓውደ-ኣዋርሕና ፍልይትን ክብርትን ወርሒ እያ። ምድሪ ካብ ሃሩርን ዋዕን ቀውዒ ናብ ጠሊን ዝናብን ክረምቲ ክትሰጋገር ኣብ እትሸባሸበሉ እዋን፡ ሰማይ ብከበድቲ ደበናታት ክሽፈንን ንፋስ ክዘሕልን ከሎ፡ ሓደ ፍሉይ ረዚን ስምዒት ንመላእ ሃገር ይወርሳ። እዚ ስምዒት እዚ ናይ ሓዘን ጥራይ ኣይኮነን፤ ናይ ዘይሃስስ ሓበን፡ ናይ ሃገራዊ ክብርን ናይ ቃልኪዳን ቀጻልነትን ህያው ዋሕዚ እዩ።

20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ንኣና ንህዝቢ ኤርትራ ካብቶም ንቡራት መዓልታት ሓሊፉ፡ ናብ ዓሚቕ ሕልናዊ ገምጋምን ውሽጣዊ ቃል-ኪዳንን ንጥርሓሉ ቅዱስ ዕለት እዩ። ኣብዚ ዕለት እዚ፡ እቶም ኣብ መላእ ሃገርና ዝርከቡ፡ ከኑዓት ሰማይ ጠቀስ እምባታት ኤርትራ፡ ካብቲ ናይ ሰቕታ መጋረጃኦም ወጺኦም፡ ምስ ነፍሰወከፍና ብምሳልያዊ ቋንቋን ብምስጢራዊ ቃናን ዝዘረቡ ይመስሉ። እዞም እምባታት እዚኦም፡ ናይቲ ዝኸበረ ዋጋ ዝተኸፍለሉ ታሪኽ ህያው መሰኻኽር ብምዃኖም፡ ምስቲ ገዕዛ ንፋስ ተወዚዞም ፍሉይ መልእኽቲ የመሓላልፉ። እሞ እዞም እምባታት ጽንዓት፡ ካብቲ ውሽጣዊ ምስጢሮም እንታይ ድምጺ ይሰምዑና ኣለው፤ ንናይ ትማሊ ጅግንነትን ንናይ ሎሚ ሓላፍነትን'ከ ብኸመይ የዛምዱ?

እቲ ሓቀኛ ምላሽ ኣብቲ ናይ ትግሊ ጽንዓትና እዩ ዝርከብ፤ ንታሪኽ ቃልሶና ብዘይ እምባታቱ ክትገልጾ ፈጺሙ ዘይሕሰብ እዩ። እምባታት ኤርትራ ናይ መሬት ቅርጺ ጥራይ ኣይኮኑን፤ ንሳቶም ናይ ታሪኽ ሰነዳት፡ ናይ ሓርበኛነት መዘኻከርትን ናይ ተጻዋርነት መኽዘንን እዮም። ኣብቲ ናይ ሰላሳ ዓመታት መሪር ቃልሲ፡ ሓርነትን ብድሕሪኡ ንልኡላውነት ሃገር ንምክልኻል ዝተገብረ ናይ መኸተ እዋናትን፡ እምባታትና ናይ ጀጋኑ መዕቆብን መከላኸሊ ዕርድን ኮይኖም ኣገልጊሎም እዮም። ኣብ ናቕፋ፡ ኣፍዓበት፡ ሓልሓል፡ ከረን፡ ዓዲቐይሕ፡ ባረንቱ፡ ደቀምሓረን ሰገነይቲን ካልእ ቦታታትን ዝርከቡ እምባታት፡ ተራ ኣኻውሕ ጥራይ ኣይኮኑን። እቶም ትግሊ ኣብ ልዕሊ እዞም እምባታት እዚኦም ኮይኖም ጸላኢ ንምምካት ዝተዋደቑ ጀጋኑ፡ ሎሚ ኣካሎም ምስቲ ሓመድ ተወሃሂዱ፡ መንፈሶም ግን ምስቲ ንፋስ እምባታት ይሃፍፍ ኣሎ። እዚ ንፋስ እዚ ደማ ጸጥታ ዘይኮነስ ናይ ትማሊ ጅግንነትን ናይ ሎሚ መዘኻከርታን ዝሓዘ ህያው ድምጺ እዩ ዘቃልሕ።

እዚ ካብዞም እምባታት ጽንዓት ዝመጽእ ድምጺ ሰማእታትና ግን፡ ናይ ተሰፋ ምቑራጽ ወይ ናይ ቃንዛን ምረትን ድምጺ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ፡ ናይ ሓበንን መስተንክራዊ ጽንዓትን ናይ ዓወትን ብስራትን ድምጺ እዩ። እቶም ሰማእታት ክወድቁ ከለዉ፡ ንብሕታዊ ረብሓኦም ወይ ንግዚያዊ ምቾቶም ዘይኮነስ ንናጽነት ክብርቲ ኤርትራን ንክብሪ ናይቲ ዝፈትውዎ ህዝበን ኢሎም እዮም ነፍሶም በጃ የምጹ። ስለዚ'ዩ ከኣ እቲ ሎሚ ካብቶም እምባታት ዝሰምዕ ድምጺ፡ "ንሕና ክንሓልፍ ከለና ሓንቲ ናጽነት ክብርቲ ኤርትራን ንምርኣይ እዩ ነይሩ እሞ፡ ሎሚ እታ ብደምና ዝተረኽበት ሃገር ኣብ ኢድኩም ኣላ" ዝብል ሓደራ ኮይኑ ዘቃልሕ። እዚ ድምጺ እዚ፡ ንቲ ብጽንዓትን ብጽዕርን ዝተሃነጸ መለለዪ መንነትና ከይንስሕቶ ዘጠንቅቕ ሕልናዊ መጸዋዕታ እዩ። ኣብ ነፍሰወከፍ ኩርናዕ ናይዞም እምባታት፡ ብዘይ ፍልልይ ሃይማኖት፡ ቋንቋ፡ ብሄር ወይ ጾታ ብሓባር ዝተኸፍለ መስዋእቲ ስለዘሎ፡ ንሕና ሎሚ ክንዕቅቦ ዘዋንበልና ዓቢዩ ናይ ሓድነት ትምህርቲ እዩ ዘመሓላልፈና።

እዞም እምባታት እዚኦም ዝዋዕሩና ካልእ ዓሚቕ ምስጢር እንተሃልዩ ድማ፡ እቲ ኣብ ግዜ ቃልሲ ዝተሃንጸ ናይ ብጻይነትን ናይ ርእሰምርኮሳን መንፈስ እዩ። ኣብቶም ጸንክራትን ተጻብኦ ዝመልኦምን ዓመታት፡ እቲ ዝበለጸ መተዓጸዊ ተጋደልቲ እቲ ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ፍቕርን ተወፋይነትን እዩ ነይሩ። "ሓደ ምእንቲ ኩሉ" ዝብል መምርሒ ኣብቶም እምባታት ተጻሒፉ ኣሎ። እዞም እምባታት እዚኦም፡ ብማይ ፈለግ ክሕጸቡ ከለዉ፡ ነቲ ትማሊ ብዘይ ናይ ሃይማኖትን ብሄርን ፍልልይ ሓቢሩ ዝፈሰሰ ደም ጀጋኑ የዘኻኽሩና። እዚ ናይ ሓቦር ደምን መስዋእትን እዩ ደማ ነዛ ሃገር ብጽኑዕ መሰረት ዘቖማ። ስለዚ እቲ ካብቶም እምባታት ዝሰምዕ ድምጺ "ሓድነትኩም ኣጸንዑ፡ ንሱ ጥራይ እዩ እቲ ናይ ዓወትኩም መፍትሕ" ብምባል ንመጻኢ ሃገራዊ ጉዕዞና መወዳእታ ዘይብሉ ስንቂ ይኾነና።



እዚ ህላወ ሰማእታት እዚ ከኣ ኣብ መቓብሮም ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኮነን። ንሳቶም ኣብቶም ዘይሕለሉ ሓረስቶትና፡ ኣብቶም ንቕድሚት ዝሰጉሙ ዘለዉ ተመሃሮና፡ ኣብቶም ድሕነት ሃገር ዘውሕሱ ዘለዉ ዋልታታትና ህያዋን ኮይኖም ይነብሩ ኣለዉ። እቲ ካብ እምባታት ጽንዓት ዘቃልሕ መልእኽቲ፡ ሎሚ ኣብ እዋን ሰላምን ህንጻትን ከመይ ጊርና ክነሰርሕ ከምዘለና እዩ ዝምህረና። "ናጽነት ምርካብ ናይ መወዳእታ ዕላማ ኣይኮነን፤ ናጽነት ንምዕቃብን ሃገር ንምህናጽን ግን ዝያዳ ጻዕርን ትግሃትን የድሊ።" ዝብል እዩ እቲ ካብ እምባታት ዝመጽእ ዘሎ ጻውዒት። ሎሚ፡ እቲ ብበረት ዝተኸላኸልናዮ መሬት፡ ብልምዓት፡ ብትምህርትን ብጥዕናን ምህናጽ ሓላፍነትና ክኸውን ከምዘለዎ እቶም እምባታት ብምሳልያዊ ኣቀራርባ የዘኻኽሩና። እቲ ትማሊ ንሓርነትን ንምውሓስ ልኡላውነትን ዝተበጀወ ወለዶ፡ ሎሚ ነቲ ሓደራ ንሓደሽ ወለዶ የረክብ ኣሎ። እዚ ድማ ቀጻልነት ዘለዎ ታሪኻዊ ናይ ተወፋይነት ጉዕዞ እዩ።

በዚ መሰረት፡ ሎሚ እቲ ቃልሲ መልክዑ ጥራይ እዩ ቀይሩ። ትማሊ ብረትን ቦምባን ዝተሓላለፈሉ ቃልሲ፤ ሎሚ ንቁጠባዊ ናጽነት፡ ንማሕበራዊ ፍትሕን ንሳይንሳዊ ምዕባለን ዝግበር ረዚን ቃልሲ እዩ። እቶም እምባታትና ክንደይ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ዲጋታትን መስኖታትን ክሰርሓሎም ከለዉ ርእዮም እዮም። ንሳቶም ሎሚ እውን "ኣብዚ መሬት እዚ ሃብቲ ኣሎ፡ ጻዕርኹም ጥራይ እዩ ዘድሊ" ይብሉና ኣለዉ። እቲ ተማሃራይ ኣብ ትምህርቲ ዘርእዮ ትግሃት፡ እቲ ሰራሕተኛ ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ዘርእዮ ተኣማንነት፡ እቲ ወተሃደር ኣብ ደብዒ ዘርእዮ ተወፋይነት፡ ኩሉ እቲ ሰማእታትና ዝሓለምዎ ናጽነት ምዕባለትን ሃገር ንምፍጣር ዝግበር ጻዕሪ እዩ። እቲ ድምጺ ሰማእታት ኣብ ነፍሰወከፍ እዚ ዕዮታት እዚ ዓሚቕ ጽልዋን መንፈሳዊ ደፍኢትን ኣለዎ።

ዝኸ መንፈስ እዚ ብዋዕዕ ካብ እንዘክሮ ህሞት ሓደ ድማ ኣብ ምሸት 19 ሰነ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ሽምዓ ኣብሪሁና ኣብ ጎደናታት ክንወጽእ ከለና እዩ። እቲ ብርሃን ኑቲ ጸላም ለይቲ ይስዕሮ። እዚ ንኡስ ሽምዓ ክሓድድ ከሎ፡ ነፍሲ ወከፍና ኑቲ ምስ ሰማእታትና ዘለና ቃልኪዳን ነሐድሶ። እቲ ሽምዓ ምሳልያዊ ትርጉሙ ዓሚቕ እዩ፤ ሽምዓ ባዕሉ እናነደደ ንኻልኦት ከም ዘብርህ፡ ሰማእታትና እውን ባዕሎም እናነደዱ፡ ህይወቶም ከፊሎም ንህዝቢ ኤርትራ ብርሃን ናጽነት ሂቦሞ እዮም። እዚ ድማ እቲ ዘለዓለ ናይ ፍቕርን ተወፋይነትን መግለጺ እዩ። "ኣነ ንሃገረይ እንታይ ይገብር ኣለኹ?" ዝብል ሕቶ ኣብ ናይ ነፍሲ ወከፍና ልቢ ክሕተም ይግባእ። እቲ ካብቶም እምባታት ዝሰምዕ ድምጺ፡ ነፍሲ ወከፍና ኣብ ዝተዋፈረሉ ዓውዲ ስራሕ ብተኣማንነትን ብንቕሓትን ክንሰርሕ ብምጽዋዕ ሕልናዊ ምልልስ ይፈጥረልና።

ሎሚ ዓለም ብፈተናታትን ፖለቲካዊ ዋጭዋጭታን ትናወጽ ኣላ፡ ባህላውን ማሕበራውን ወረራት ንመንነት ሓደ ህዝቢ ንምድኻም ኣብ ዝፍትኑሉ ዘለዉ እዋን፡ እቲ ዝበለጸ መከላኸሊ ዋልታና እቲ ካብ ሰማእታትና ዝወረስናዮ መንፈስ ጽንዓትን ሃገራውነትን እዩ። እቶም እምባታትና ኑቲ ሓያል ንፋስን ማዕበልን ተጻዊሮም ጸኒዖም ከምዝቖሙ፡ ህዝቢ ኤርትራ እውን ንኹሉ ቁጠባውን ማሕበራውን ፈተናታት ተጻዊሩ ክንሰግር ዘኽእለና ሓይሊ ካብ ዝኸሪ ሰማእታትና ኢና ንረኽቦ። እዞም እምባታት እዚኦም ታሪኽና ጥራይ ዘይኮኑስ መጻኢና እውን እዮም። ሰማእታትና፡ ስሙርን ሓያልን ህዝቢ ኮይንና ክንቅጽል እዩ ሓደራኦም።

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሓመድ ተራ ሓመድ ኣይኮነን። እቲ ብደም ዝጠልቀየ፡ ብረሃጽ ዝተርከሰ፡ ብንብዓት ዝተሓጽበ መሬት እዩ። ሓረስቶትና ክሓርሱ ከለዉ፡ መሃንዲሳትና መገድታት ክሰርሑ ከለዉ፡ ኩሉ ግዜ ምስዚ ክቡር ታሪኽ እዚ ይራኸቡ እዮም። እቶም እምባታትና ብዙሕ ሰማእታት ባዶ ኣኻውሕ ጥራይ ምኾኑ ነይሮም፡ ብመስዋእቶም ግን ናይ ክብሪ፡ ናጽነትን ጽንዓትን መዘከርታ መቓብር ኮይኖም ኣለዉ። እቲ ካብ እምባታት ጽንዓት ዝፍስ ንፋሱ ኑቲ "ሓደራ" ዝብል ዘይሃስስ ቃል ሒዙ ናብ ነፍስ ወከፍና ይበጽሕ ኣሎ። እቲ ድምጺ ሎሚ እውን ህያው እዩ ንመጻኢ ወለዶታት እውን መምርሒ ኮይኑ ክቕጽል እዩ።

ነዛ ሃገር ንምዕቃብን ንምምዕባልን እንገብሮ ጻዕሪ፡ ኑቲ ሰማእታትና ዝኸፈሉዎ ረዚን ዋጋ ብቑዕ ምላሽ ክንህበሉ ዘኽእለና እንኮ መንገዲ ግብራዊ መስመር ጥራይ እዩ። እቶም ኣብ ጸንክር እዋናት ብተወፋይነት ዝተጻሕፉ ናይ ተባዕነት ታሪኽ፡ ሎሚ ኣብ ናይ ልምዓት ዓውድታት ክድገሙ ከለዉ፡ እቲ ዝተኸፍለ ዋጋ ፍረ የፍረ ከምዝሎ መረጋገጺ እዩ። ትግሊ ኣብቲ ሰንሰለታዊ እምባታት ሃገር ዝዘርኦ ናይ ናጽነት ዘርኢ፡ ሎሚ ኣብ ጎላጉል ከም መስኖታት፡ ኣብ ከተማታትና ከም ፋብሪካታት፡ ኣብ ገጠራትና ከም ሆስፒታላትን ኣብያተ-ትምህርትን ኮይኑ ይልምልም ኣሎ። እዞም እምባታት እዚኦም ጸጥታ ዝለበሱ ኣኻውሕ ኣይኮኑን፤ ንሳቶም ብደሆታት ንምስጋር ዝሕግዙና መምሃራን ሰሓሳብና እዮም።

ስለዚ፡ ኣብ 20 ሰነ ኑቲ ብኣካል ዝሓለፈ ታሪኽ ጥራይ ኣይኮነን ንዝክር። ኑቲ ምስቶም እምባታት ሓቢሩ ዝቖመ መንፈስ ጽንዓት እውን ኢና ንዝክር። እቲ ንፋስ እምባታት ዘምጽኦ ድምጺ፤ "ፍቕሪ ሃገር ካብ ቃላት ንላዕሊ ብተግባር እዩ ዝግለጽ" ዝብል ዓሚቕ መልእኽቲ እዩ። እዚ ድማ ነፍሰወከፍና ኣብ ስራሕና ቅኑዓት፡ ንብጻይና ደገፍቲ፤ ንሃገርና ሓለውቲ ክንኸውን ይጽውዐ። ሓርበኛነት ናይ ውግእ ግዜ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ሰላም ግዜ እውን እዩ። ኣብ ግዜ ሰላም እቲ ዝዓበየ ሓርበኛነት፡ ሃገር ብስሩፍልጠትን ብትግሃትን ምህናጽ እዩ።

እወ፡ 20 ሰነ መዓልቲ ንብዓት ጥራይ ኣይኮነትን። ንሳ መዓልቲ ተስፋ፡ መዓልቲ ሓይልን መዓልቲ ሓድነትን እያ። እቲ ካብ እምባታት ጽንዓት ዝሰምዕ ድምጺ፡ ኑቲ ትግሊ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ብሰላም፡ ብልምዓትን ብፍትሕን ክንክሕሶ ከምዘለና የዘኻኽረና። ታሪኽና ናይ ጽንዓት ታሪኽ እዩ፡ መጻኢና ድማ ናይቲ ጽንዓት ፍረ ክኸውን እዩ። እምባታት ኤርትራ ኩልሳዕ ንቑሓት ሓለውቲ ታሪኽ ኮይኖም ክቐጽሉ እዮም፡ ንሕና ድማ ሰማዕትን ተግበርትን ናይቲ ካብ ውሽጦም ዝፍኖ ናይ ሓደራ ድምጺ ክንከውን ይግባእ። እቲ ካብ እምባታት ጽንዓት ዝሰምዕ ድምጺ ዝለኣለም ኣብ ልብና ክኑብር እዩ። . . . ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና!



# ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

## ጽላል ኀባጥ ገረብ

ስምኦን ወልደሚካኤል



ሕብረተሰብ ኣፍሪቃ ፍረ ትዕዝብትን ግብራዊ ተመኩሮን ብዝኾኑ ኣለበምቲ ምስላታት ሕልፈ ካልእ ሃብቲ ኣለዎ። "እንተ ትልብምዶ ደኺያ፡" ደኣ ከይትብሉ እምበር፡ ኣፍሪቃ ብባህርያዊ ጸጋ ጥራይ ዘይኮነት ብልቦና እውን ሃብታም ኣህጉር'ያ። ብዛዕባ 'ዘይጠቅም ሰብን ሓጺንን የለን' ዝብል ህቡብ መትከል ህዝባዊ ግንባር ንምግላጽ ዝጠቐመኒ ሓሳባት ንምእካብ ምስ ብጾተይ ዘይስሩዕ ዘተ እናካየድኩ እንከለኹ፡ ሓንቲ ካብ ተዛተይቲ "እቲ ዝበለጸ ጽላል ካብ ኀባጥ ገረብ እዩ ዝርከብ" ዝብል ምስላ ናይ ኣፍሪቃ ኣውረደት። ህዝባዊ ግንባር "ዘይጠቅም ሰብን ሓጺንን የለን" ብዝብል መትከል ኩሉ ተኺቲሉ፡ ኩሉ ኤርትራዊ በብዓቕሙ ንሓርነታዊ ቃልሲ እምኒ ኣደርብይዎ'ዩ። ናይ ምብርካት ድሌት ዝነበሮ ዜጋ ዓቕሙ፡ ባህሪኡ፡ ክእለቱ፡ ኣደቡ ብዘየገድስ እምኒ ደርብዩ። ኣሽሓት መንእሰያት ደቂ ኤርትራ ዝሰሓልሉ፡ ዝምሃርሉ፡ ዝምኮርሉ፡ ዘገልግልሉ ናይ ቃልሲ ሜዳ ሳላ ዝተጻርገ መግዛእቲ ተጸሪጉ።

ተጋደልቲ ፍጹማት ኣበር ኣልቦ ስለ ዝነበሩ ኣይኮኑን ታሪኽ ሰሪሖም። ከም ሰባት ዝነበሮም ጉድለታት ተቓለስቲ ሓርነት፡ ጀጋኑ፡ ውፉያት፡ ኣምጻእቲ ናጽነት ወዘተ ካብ ምዃን ኣይዓገቶምን። ጠቓምትን ሰራሕቲ ታሪኽን ክንከውን እንደሊ ተመሃሮን መንእሰያትን ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ፍጹማት ኣበር ኣልቦ ምዃን ከም ዘየድሊ ክንርዳእ የድሊ። ከም መንእሰያት ኣበራትና ክንቃለሶምን ሓላፍነት ኣለና። ጉድለታትና እናጸብጸብና እሱራት ክንከውን ግን ብፍጹም የብልናን።

"እቲ ዝበለጸ ጽላል ካብ ኀባጥ ገረብ እዩ ዝርከብ" ዝብል ምስላ እምበኣር ነቲ ፍጹማት ንምዃን ዘለና ባህግን ፍጹማት ንምዃን እንገብሮ ቃልስን ብላሽ ምዃኑ ዝነግር እዩ። ንሎሚ፡ ነዛ ጠቓሚ ንምዃን ኣበር ኣልቦ ምዃን ከም ዘየድሊ እትምህር ዓባይ ኣፍሪቃዊት ምስላ ትኾረት ገይረ ናብ ኣንበብቲ እዛ ዓምዲ ቀሪበ ኣለኹ። ከም መንእሰያት ኣብ ህይወት ብሉጻት ኴንና ንምርካብ ንበቅ ጻዕሪ የለን። ዕላማ ናይ ብልጸት ብዙሕ'ኳ እንተኾነ ዋጋና ንምውሳኽ፡ ጥቕምና ከም ዝዓዝዝ ምግባር ወይ ናይ ምግባር ዓቕምና ንምዕባይ ካብ ዝብል ግንዛበ ዝወጽእ ግን ኣይኮነን።

ኀባጥ ገረብ ዝበለጸ ጽላል ኣለዋ ክበሃል እንከሎ ብዙሕ ትርጉም ኣለዎ። ኀባጥ ገረብ ጨናፍራ ናብ ዝተፈላለየ ኣንፈት ተጋሕቲኑ ስለ ዘስፋሕፍሕ ሰፊሕ ዝበለ ጽላል ክህልዎ ባህርያዊ እዩ። ጨናፍር ናይ ኀባጥ ገረብ ናብ ዝተፈላለየ ኣንፈት እናተጠዋወየ እዩ ዝዓቢ። በቲ ዝሕዞ ዘይውሱን ቅርጺ ከኣ ካብ ትኽ ዝበለ ገረብ ንላዕሊ ዝሰፍሕን ዝበለጸን ጽላል ይፈጥር። ኣማራጺ እንተ ዘይስኢኑ፡ ካብ ጸሓይን ማይን ከጽልል ናብ ትኽ ዝበለት ወይ ዝተቓምቀመት ጽፍፍቲ ገረብ ዝጽጋዕ ሰብ የለን። ብጽፈት ዝተቓምቀመ ወይ ተመልሚሉ ዝዓበየ ትኽ ዝበለ ገረብ ማራኺ ትርኢት ኣለዎ። ካብ ማይን ጸሓይን ከጽልለና ዝኽእል ጽቡቕ ጽላል ግን የብሉን።

ካብ ቀጥታዊ ትርጉም ኀባጥ ገረብ እስከ ውሽጢ ኢልና ነስተንትን። ኀባጥ ገረብ ንጉድለት፡ ኣበር ወይ ኢንታ ዘለዎ ሂወት፡ ንዘይተለምደ መገዲ ወይ ምውራድን ምድያብን ዝመልእ ሂወት ዝውክል ትርጉም ኣለዎ። ገድሊ ዝመልኦ ሂወት ዝሓለፍ ሰብ ናብራኡ ምቹእ ዘይክኸውን ይኽእል እዩ። ምስ መሰናኽል ናይ ሂወት ከተሓናንቐ ዝኽእል ብርትዐ ግን ምስኡ ኣሎ። ብመከራ፡ ውድቀት፡ መንጸግቲ ተፈቲኑ ዝሓለፈ ሰብ ተጻዋርነት፡ ርህራህን ልቦናን ከማዕብል እቲ ተኽእሎ ሰፊሕ እዩ። ጽንኩር ተመኩሮ ተበሃግቲ ባህርያት ኣብ ምኹስኳስ ዝወዳደሮ የለን። እዚ ክንብል እንከለና ግን ኩሉ ጽንኩር ተመክሮ ዘሕለፈ ተሳሒሉ ይወጽእ ማለት ከም ዘይኮነ ክንዘንግዕ የብልናን።

ኣብ ሓደ እዋን ድኽመት ዝመስል ሓይሊ፡ ወጽዓ ዝመስል ጸጋ፡ መርገም ዝመስል ምርቓ ክኸውን ከም ዝኽእል ምእማን ከም መንእሰያት ንዕብየትና ሓጋዚ እዩ። ፈተና፡ ብድሆ፡ ጸገም እትምነዮ ነገር'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ንነብስና ካብ ፈተና ከነህድማ ግን ተመራጺ ኣይኮነን። ፈተና ገጢማ ዘይትፈልጥ ሂወት ከምታ መብረድ ሓሊፍዋ ዘይፈልጥ ካራ እያ። ሂወት ብዘይ ፈተና ሱር ኣይትሰድድን እያ። ብፈተና ዝሓለፈት ሂወት ኣብ ክረምቲ ጥራይ ዘይኮነት ኣብ ሓጋይ እውን ትለምዕ እያ።

ኀባጥ ገረብ ትኽ ስለ ዘይበለት ጥራይ ክትቁረጽ ክንፈርዳ የብልናን። ብኀባጣ እውን ብዙሕ ጥቕሚ ኣለዋ። ንሰብ ከም ዘለዎ ናይ ምቕባል ክእለት ወይ ተጻዋርነት ከም ዘድሊ ትምህርቲ ንምትሕልላፍ ዝተባህለት ምስላ እውን ክትከውን ትኽእል እያ። ብልምዲ ንዝኾነ ሰብ ኣብ ናይ ባዕልና መዐቀኒ ኣእቲና ናይ ምፍራድ ዝንባለ ኣለና። ንዓና ክመስል፡ ንፈትዎ ክፈቱ፡ ንጸልኦ ክጸልእ፡ ማዕረና ክስጉም ንጽበ። ጫማና ንዝጸበቦ ወይ ዝገፍሖ ሰብ ምሳና ክኸይድ ዘይኽእል ስግንጢር ኮይኑ ክስምዓና የብሉን። ከም መንእሰያት ብፍላይ ካብ ገለልቲ ሓቖፍቲ፡ ካብ ፈረድቲ ከኣ ተቐበልቲ ክንከውን ኣለና። ንሰብ ከምታ ዘለዋ ክንቅበሎን ከነኽብሮን ኣለና።

ካብ ኀባጥ ገረብ ዝበለጸ ጽላል ኣለዋ ዝብል ምስላ ዝውሰድ ትምህርቲ ብዙሕን ዓሚቝን እዩ። ኣብ ሂወት ጥቕሚ ዘይብልካ ብላሽ ፍጥረት ከይትከውን ምፍራሕ ግቡእ'ዩ። ኣበር ኣልቦ ንምዃን ግን ዘድሊ ኣይኮነን። ቀዳሞት ወለድና "ሰብ ኮይኑ ዘይእብስ፡ ዕንጨይቲ ኮይኑ ዘይብስብስ የለን" ኢሎም ዝመሰሉ ብዘይ ምኽንያት ኣይኮነን። ጉድለትና ወይ ኣበሳና ኣካል ሂወትና እምበር ኣብ ልዕሌና ዝተጻዕነ ዕዳ ጌርና ክንርእዮ የብልናን። ኣበር ዘይብሉ ሰብ የለን። ንበይንና ብጭቃ ናይ ኣበር ዝተለጠፍና ኮይኑ ክስምዓና የብሉን።

ከምቲ ሓንቲ ገረብ ኀባጥ ስለ ዝኾነት ጥራይ ካብ ጸሓይን ማይን ኣብሊጹ ዝከላኸል ጽላል ካብ ምፍጣር ዘይዓንቀፋ፡ ሰብ እውን ኣበር ወይ ጉድለት ስለ ዘለዎ ጠቓሚ ወይ ኣበርካቲ ካብ ምዃን ዝዓግቶ ኣይኮነን። ከም መንእሰያት ካብ ዋሕዲ ተመኩሮ፡ መረዳእታ ወይ ፍልጠት ዝምንጩ ጉድለታት ከነርኢ ንኽእል ኢና። ጉድለታትና ወይ ኣበራትና እናኣረምና ክንከይድ ከም ዘለና ኩልና ንረዳድኣሉ'ዩ። ጉድለትና ክሰንብደና ግን ፈጺሙ የብሉን። ምስ ጉድለትና ሓለውቲ፡ መራሕቲ፡ ሓለይቲ፡ ጠቓምቲ፡ መሃርቲ ክንከውን ንኽእል ኢና።

ሓሳባት

## ውራያትን ዓቕምን

ፋርስ ዮሴፍ

ማሕበራዊ ሂወት ሓደ ካብ ንሰባት ካብ ካልኦት ፍጡራት ዝፈልዮም መሰርሕ ምንባር እዩ። ዋላ'ውን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለ፡ ሰባት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣብ ቅናት ማሕበራዊ ሂወት ክነብሩ ይግደዱ። ሰባት ብኣብ ውሽጢ እዚ ዓንኬል ማሕበራዊ ሂወት ዘለዉ ረቛሒታትን ዝፍጠሩ ባህርታትን ክጽለዉ ባህርያዊ እዩ።

ሓደ ካብ ኣገደስቲ ረቛሒታት፡ ማሕበራዊ ነጸብራቕ ናይ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ዝኾነ ኣገባብ ኣበዓዕላ ወይ ውራይ እዩ። ዉራይ ሓደ ካብ ንባህሊ ምትሕግጋዝ፡ ምድግጋፍን ምክብባርን ሕብረተሰባት ሃገርና ዘጕልሕ ባህሊ እዩ። ሓደ ኣባል ሕብረተሰብ ንዘለዎ ሓጎስ ወይ ዘጋጥሞ ሓዘን ኪኖ ንቐጥታዊ ስድራቤት ንኹሉ ኣካል መነባብሮ ዝኾነ ክፋል ሕብረተሰብ ንምክፋል ዝገብሮ ኣገባብ ነዊሕ ሰረት ዘለዎ ባህሊ እዩ። ብዘይካ ዝግበር ናይ እኽለ ማይ እንግዶት፡ ነቲ ኣጋጣሚ ዝግለጽን ክብሪ ዝህብን መሰርሕ'ውን ሓቝፉ ይርከብ።

ዉራይ ኣብ ዝግበረሉ እዋን ቀንዲ ባእታ፡ ትርጉም ናይቲ ዝግበር ዘሎ ኣጋጣሚ እዩ። ኣብዚ እዋን ዝረአ ዘሎ ተርእዮ፡ ሰረት ዘለዎ ትርጉም ዘይብሉ ኪኖ ሃልኪ ነገራት፡ ግዜን፡ ጉልበትን ካልእ ፋይዳ ዘይብሉ ዉራያት ይቀላቐል ኣሎ። "መርዓት ክትከውን"፡ "ሓራስ ክትከውን" እናበልካ ናይ ቅድመ-ኵነት ፍጻመታት ዝግበር ዉራያት ንባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘይውክል፡ ቅቡል ትርጉም ዘይብሉ ብምዃኑ ክውገድ ዝግበኦ ተርእዮ እዩ። ካብ ቀንዲ ሃይማኖታዊ ወይ ማሕበራዊ ትርጉም ዝዛዘወ ውራይ'ውን ካልእ ክሕሰበሉ ዘለዎ ተርእዮ እዩ። ውራይ ተስካር፡ ጥምቀት፡ ስምያት፡ ዓመት ቀልዓ፡ መመረቕታ፡ ዝክር … ኣብ ገለ እዋን ኪኖ ትርጉም፡ ብዘየድሊ ዓቐን ክትግበሩ ንርኢ ኢና። እዚ ተርእዮ ብተመሳሳሊ ብንቕሓት ክእረም ዘለዎ ጉዳይ እዩ።

ዉራያት ምስ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ዝተፈላለየ ዕብየት ክህልዎም ይኽእል እዩ። መርዓ ሓደ ካብ ዝዓበዩ ውራያት ኮይኑ፡ ሕብረተሰብ ዓቢ ግምት ዝህቦ ጉዳይ እዩ። ዉራይ መርዓ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዝተፈላለዩ መድረኻት እናተጸልወን ዝተፈላለየ ናይ ኣገባብ ለውጢ እናገበረን ክኸይድ ዝጸንሐ ባህሊ እዩ። ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ድማ ኣገባባት ዉራይ መርዓ ብጥንቃቐ ክቕለስሉ ዝግባእ ግዜ በጺሕና ኣሎና።

ውራይ ንባህሊ ምኽብባር ሕብረተሰብ ዘንጸባርቕ ኣገዳሲ ክፋል ባህሊ'ኳ እንተ ኾነ፡ ምስ ናይ ኩለንትናዊ መድረኻዊ ለውጥን ቁጠባዊ ኵነታትን ክኸይድ ይግባእ። ሰፊሕ ኣገባብ ዉራያትና ዘለዎም ብዝሒ ሃልኪ ነገራት ዝከሓድ ኣይኮነን። ኣብ ነፍሲወከፍ ዉራይ ዘሎ ሃልኪ ብእኩብ ምስ ዝረአ፡ ኣብ ቁጠባዊ ሸነኽ ክህልዎ ዝኽእል ጽልዋ ቀሊል ከም ዘይኮነ ብቐሊሉ ክንግንዘብ ይከኣል። ኣብ ገለ እዋን'ውን ዉራያት ብፍላይ ዉራይ መርዓ ኪኖ ከንጸባርቖ ዝግባእ ማሕበራዊ ክብርታት ዝኸደሉ እዋን ኣሎ። ፍሉይነት ንምንጽብራቕ ካብ ትርጉም ወጻኢ ዝግበር ምግፋሕ፡ ሓደ ካብ ክሕሰበሉን ክውገድን ዘለዎ ተርእዮ እዩ።

ሕብረተሰብ ኤርትራ ንውራያት ግቡእ መረዳእታን ክብርን ይህቦ እዩ። ምልስ ኢልና ባህሊ ሕብረተሰብና ምስ እንርኢ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ "መርዓ ጭሉቕ" ኢሉ ዝሰምዮ ዝኾነ ሰብ ብዘለዎ ዓቕሚ፡ ብዘይ ዝኾነ ስነ-ኣእምራዊ ጸቕጢ ውራይ ክገብር ዝድግፍ ባህልን ሕግን ነይርዎ።

መርዓ ጭሉቕ ብሰንኪ ቁጠባዊ ዓቕሚ ወለዲ፡ ወይ ህጹጽ መርዓ ምስ ዝሕተት ብውሑድ ወጻኢታት ዝፍጸም ዓይነት መርዓ እዩ። ኣብ ጭሉቕ ኣዚዩ ዉሑድ ዓቐን ገዝሚ እዩ ዝወሃብ። ዳስ ተተኺሉ፡ ጽንብል ብዘይ ምግባሩ ዘስዕቦ ጸቕጥታት ኣሎ። ሕግታት እንዳ'ባ፡ ነዚ ተግንዚቡ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ብጭሉቕ ዝተመርዓወት ክብል ዝጸረፈ ከቢድ መቕጻዕቲ ሓጊጉ ኣሎ። ኣብ ሕጊ ደመበዛን ከም ዝእዝዞ፡ ብጭሉቕ መርዓ ኢሉ ዝጸረፈ፡ ስዩም ኢሉ፡ ሚእቲ ቅርሺ ይኽሕስ። እዚ ዓይነት መርዓ ብኽልቲኡ ጾታታት ብማዕረ ዝምልከት ስለ ዝኾነ፡ ኣድልዎ ዘለዎ ኣይኮነን።

ስለዚ ዓቕምኻ ዘፍቅዶ ዉራይ ምግባር ዝድግፍን ዝከለኻለን ሕብረተሰብ ከም ዘለና ንገንዘብ። ሎሚ ከም ተርእዮ ዝረአ ምግፋሕ ዉራያት ኣብ ክብርታት ሕብረተሰብና'ውን ዘይድገፍ ምዃኑ ክንግንዘብ ንኽእል።

ኣብ መደምደምታ ኣንፈት ዉራያትና ካብ ዘለና ዉልቃዊ ይኹን ናይ ሓባር ዓቕሚ ንላዕሊ ከይከይድ፡ ንኽብርታት ባህልና ዓቒብና ኣብ ውራያት ዘለና ኣጠማምታ ብዓንኬል ህሉው ኵነታት ብምርኣይ ኣተሓሳስባና ከንስፍሕን ብዝሕን ዕብየትን ውራያትና ከነጉድል ይግባእ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሳሮን ስመረ መንከ፡ ናይ ኣቦይ ስመረ መንከ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልማዝ ሰለሙን ጉብረታትየስ፡ ኣቦና ሰለሙን ጉብረታትየስ ፍስሃየን ኣደይ ኣልጋሽ ክፍላይ ዑቕባገርግሽን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሚድያም ሚልክያስ ተስፋይ ምባል ተሪፉ፡ሚድያምትኳቦጉብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ርበል ተወልደ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ርበል ተወልደ ወልደማርያም ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣብረሀት በርሀ ትኩእ፡ ብዓል ቤተይ ኣሰፋው ጎይትኦም ሃይለ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ፍሊሞን ተስፋኣለም ሓድጉ፡ ኣደይ ኣዜብ ጉብረመድህን ጉብረስላሴ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ተኸሳሲ የሕደጎ ሄርኣብ ተስፋገርግሽ፡ ኣብ ልዕለኻ ኣቶ ኤፍሬም ኢሳቅ ስብሃቱ ንሰም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ ማሰራቱ ስለዘለ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ተጸዋዕቲ 1.ወረ/ፍ ኢሰያስ ተኽሉ፡ 1.1 የሴፍ ኢሰያስ፡ 1.2 ፊይዝ ኢሰያስ 1.3 ኢሎራ ኢሰያስ 2.ሰረቅ ተኽሉ፣ ንምቕሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ተጸዋዕቲ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ብፍ/ቦ/መሳል ዛምባቲ ፓርቴሲፓዞኒ ሲኣሬል ብፍ/ቦ/ዕዳ ኮየኒፊቶ ሀገር ሓዝቦማ ዘሎ ናይ ፈጸሚ ጉዳይ፡ ብፍ/ቦ/ዕዳ ኮየኒፊቶ ሀገር ሓዝቦማ ንጹር ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዑኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ይግበዩ በሃልቲ ወረ/ፍ ወልደጋብር ተኽለ ዝኾኑ ወ/ሮ ስላስ ወልደጋብር +3 ዝቐረብዎ ናይ ይግበዩ መረረ ብዝምልከት፡ መ/ወዚ ወረ/ፍ ሓድጉ ወልደጋብር ዝኾነ ፈንቅል ሓድጉ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ብስራት ሃብቱ ኪዳ፡ ብዓል ቤተይ ሕድሮማርያም ጉብረስላሴ ብኢዱ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ተኸሰስቲ ወ/ሮ ኤልሳ ቀለታ፡ ዳዊት ቀለታ፡ ሰዓረ ቀለታ፣ ንዓኹም ዝምልከት ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ደርኡ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ብድ/ቦ/መሳል ዳኒኤል ኢያሱ፡ ብፍ/ቦ/ዕዳ ወ/ሮ ፍረወይኒ ተፈራ፡ ናይ ፈጸሚ ጉዳይ ቀሪቡልኪ ንጹር ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ተኸሰስቲ ቁ.2 ጸገሬዳ በረኸትኣብ 3.ሳባ በረኸትኣብ 4.የሴፍ በረኸትኣብ 5.ፅንዓት በረኸትኣብ 6.ሸዊት በረኸትኣብ 7.ብስራት በረኸትኣብ 8.ጳውሎስ በረኸትኣብ፣ ኣብ ልዕሌኹም ከሳሲት ፍረሂወት ግርማይ ዘርኡ ናይ ሰም ምትሕልላፍ ክሲ ማሰረታ ስለዘሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ቤተልሄም የውሃንስ ጎይትኦም፡ ተኸሳሲ መኸስ መርሃጼን ንሓዳር ዝምልከት ክሲ ማሰረታ ስለዘሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ኣመልካቲት ኣምለሰት ተስፋይ ሃይለ፡ ተጸዋዕቲ 1.ሙልጌታ ኣቶብርሃን ጉብረሚካኤል 2.ግርማይ ኣቶብርሃን ጉብረሚካኤል 3.ቴድሮስ ኣቶብርሃን ጉብረሚካኤል 4. ተተካኢ ሰወእ ኣብርሃም ተስፋይ ሃይለ ኣቶ ተማሰገን ኣብርሃም ተስፋይ ዘሎ ናይ ሰም ምትሕልላፍ ጉዳይ፡ ተጸዋዕቲ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ተጸዋዕቲ 1.ሰለሙን ተስፋሚካኤል ፍስሃየ 2.ዓወት ተስፋሚካኤል ፍስሃየ 3.ዘርእሰናይ ተስፋሚካኤል ፍስሃየ 4.ሳምሶን ተስፋሚካኤል ፍስሃየ፡ ብከሳሲ ወረ/ፍ/ሄር ተስፋሚካኤል ፍስሃየ 1.ኣቶ መንግስትኣብ ተስፋሚካኤል ፍስሃየ

2.ስምረት ተስፋሚካኤል ፍስሃየ፡ ንሰም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ሩት ርእሶም ሃብተሚካኤል፡ ኣቦይ ርእሶም ሃብተሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ወልደገርግሽ ተስፋጼየን፡ ሓወይ ኣለምሰገድ ወልደገርግሽ ተስፋጼየን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሚለና ሓጎስ መንግስትኣብ ምባል ተሪፉ፡ ሩት ሓጎስ መንግስትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሚካኤል ኣለማየሁ ኣቡቲ፡ ኣደይ ማርያርያ ፓጋኖ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ የናስ ሰዩም ዑቕባጋብር፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኑርያ ኢብራሂም መሓመድሓጎስ፡ ናይ ሰም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኪ ኣድራሻኺ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ደርጋኣለም ፍስሃጼን ጊሉ፡ ኣዴና ተኽኣ ዑቕባሚካኤል ሞካዘኒ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሽማይኸ ስሙይ ሃብተሚካኤል፡ ኣደይ ጸሃይቱ ወልደገርማ ወልደገርግሽ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

እልሊታ በርሀ ተሾመ፡ ዓባየይ ኢትየጵያ ጉብረሂወት ስለዝዓረፈት፡ ኣነን ኣኮይን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሉተብርሃን ዓንደ መሓሪ፡ ብዓል ቤተይ ለኣከ ጉብረሚካኤል ተኽሉ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤደን ኣፈወርቂ ክፍለጊየርጊስ፡ ሰም ኣደይ መኣዛ ሚካኤል ደብረጼዮን ምባል ተሪፉ፡ መኣዛ ጺጋይ ደብረጼዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ህይወት መብራህቶም ዛይድ ምባል ተሪፉ፡ ካፒታል መብራህቶም ዛይድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ጉብረመስቀል ክብሮም ጉብረየሱስ፡ ሰም ኣደይ ሂወት ጉብረዝጊ ጉብረገርጊስ ምባል ተሪፉ፡ ሂወት ጉብረዝጊ ዓንደገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ጸገ ስመረ ይሕደጎ ምባል ተሪፉ፡ ጺጋ ስመረ ይሕደጎ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወይኒ ካሕሳይ ጉብረእየሱስ፡ ብዓል ቤተይ ጉብሩ ተስፋዝጊ ወልደማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍስሃጽየን ተስፋኣለም ዘርኡ ምባል ተሪፉ፡ ፍስሃየ ተስፋኣለም ዘርኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ውሓዚት መሓሪ መንግስቱ፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃየ ረዘነ ተስፋይ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍዮሪ ሳምሶን ጉብራይ ምባል ተሪፉ፡ ማርታ ሳምሶን ጉብራይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ኣሾት ርበል ገዙኢ ምባል ተሪፉ፡ ብሩኽ ርበል ገዙኢ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ልሉያ ሙልጌታ ዓንደምኪኤል ምባል ተሪፉ፡ ሉልያና ሙልጌታ ዓንደምኪኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕ ሙቐት ዓወት ኣማኑኤል ምባል ተሪፉ፡ መቐረት ዓወት ኣማኑኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳልም ዳዊት ተስፋማርያም ምባል ተሪፉ፡ ሳሊም ዳዊት ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤንሃም በረኸት ምባል ተሪፉ፡ ሚከኤል በረኸት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ህድኣት ጉብረወልድ ጉብርኣብ፡ ወለድና ጉብረወልድ ጉብርኣብ ጉብሩን ገዳን ዘካርያስ ዘርእዝጊ ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሌይላ ኣስመላሽ የማነ ምባል ተሪፉ፡ ሌላ ኣስመላሽ የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ጥምቀቱ ኪዳ ተኽለሃይማኖት ምባል ተሪፉ፥ ፊልሞዊት ኪዳ ተኽለሃይናምት ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ዓብደል ሰላም ሰዒድ ጀማል ምባል ተሪፉ፥ መኣር ሰዒድ ጀማል ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ሉተኺዳን ተስፋሚካኤል ገብረሚካኤል፡ ብዒል ቤተይ ሃብተማርያም ዑቕባጋብር ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

የናስ ተኽለሰንበት ምባል ተሪፉ፥ የናስ ኣሲያስ ስመረ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸገ መኮንን፡ ብዒል ቤተይ ተስፋልደት ሰለሙን ወልደጋብር ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ገነት ኣርኣያ ተ/ሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣሰፋው ገብረያናስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ክፍለም ታረቀ በርሀ ምባል ተሪፉ፥ ክፍሉ ታረቀ በርሀ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ጸገ ተስፋይ ሃይሉ፡ ብዒል ቤተይ ፍጹም ገብረመድህን ገብረሂወት ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ በዘነ ገብረትንሳኤ ረደሀይ፥ ብዒል ቤተይ ገብረኣምላኽ ተወልደመድህን ተኽለእየሱስ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 11 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ መሓመድዓሊ ሰዒድ ምባል ተሪፉ፥ መሓመድኑር መሓመድዓሊ ሰዒድ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ንዕዳድ ሃይለማርያም ኪዳኑ፡ ብዒል ቤተይ ገብረያናስ ኣብራ ኣርኣያ ስለዝተሰወአ፡ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ን/ሄር ኣርኣያ ተወልደ - ወ/ሮ ሳባ ኣርኣያ፡ ጥፉእነት ናይ ዘተረጋገጸላ ሓፍተይ ስም ፍትሓዊት ኣርኣያ ተወልደ ምባል ተሪፉ፥ ፍትለወርቅ ኣርኣያ ተወልደ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሄሲኤል ተስፋይ ምባል ተሪፉ፥ ሆሴእ ተስፋይ ብርሃ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርሃኑ ገብረእግዚኣብሄር፡ ብዕለት 10/8/24 ብወሃቢ ስልጣን ኣቶ ጎይትኦም ሓየለ ዝተፈጸመለይ ናይ ትካል ስልጣን ይጸቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ሉተብርሃን ገብረስላሴ ገብረሚካኤል ምባል ተሪፉ፥ ሉተብርሃን በራኺ ወርቀ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገብረማርቆስ ኣብርሃ ገብረስላሰ ምባል ተሪፉ፥ ገብረማርቆስ ገብረስላሰ ኣብርሃ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

የዲት ኣብርሃ ማስፍን ፡ ኣቦይ ኣብርሃ ማስፍን፡ ደሃይ ስለዘይብሉ፥ ደሃይ ኣልቦ ዝብል እንተሎ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ሰንዓፈ ይቕረብ።

ሉተማርቆል ተካ ገብረስላሴ፡ ስም ኣደይ ሙብራት ሃይለ ወልደኣብዝጊ ምባል ተሪፉ፥ ሙብራት ሓዴራ ወልደኣብዝጊ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ሸሪዓ ሰንዓፈ

ዓዚዛ ሮሞዳን ኢብራሂም፡ ብዒል ቤተይ ዓብዱ እድሪስ፡ ደሃይ ካብ ዘይህበረለይ ነዊሕ ስለ ዝኾነ ስለ ዝበለት፡ ቅድሚ ውሳኔ ምሃብና ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/26 ኣብ ሸሪዓ ሰንዓፈ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ዘይኑብ መሓመድዓሊ ጀባሕ ምባል ተሪፉ፥ ዘይኑብ ማሕሙድ ዓሊ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

መሓመድ እድሪስ ኣሕመድ፡ ኣቦይ እድሪስ ኣሕመድ ስለዝዋረፈ፥ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ግርማይ ተስፋሚካኤል ተኽለማርያምን ዘቢብ ደብሳይ ገብረማርያምን፡ ስም ት/ዕድመ ጓልና ፍዮና ግርማይ ተስፋሚካኤል ምባል ተሪፉ፥ ኮኾብ ግርማይ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይትኣረመላ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣሕመድ መሓመድ ጃብር ዐሰማን ምባል ተሪፉ፥ ኣሕመድ መሓመድ ጃብር ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ሸዊት ፍትዊ መሓረዝጊ ምባል ተሪፉ፥ ሸዊት ፍትዊ መሓሪ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓምድ ሰዒድ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፥ ሓምድ ሰዒድ ኢብራሂም ሓጅእድሪስ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወልዲት ተስፋጼን ደብሳይ ምባል ተሪፉ፥ ወልዲት ሃብተጼን ደብሳይ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ መድህን ስመረ እምባዬ፡ ብዒል ቤተይ ኢያሱ ግርማይ መሓሪ ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃና ባህታ ታፍላ፡ ተጻዋዒ ኣቶ መሓሪ ብርሃ በዮ፡ ንትግባረ ውዕል ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ርሕስቲ ተኽለ እልፍ ምባል ተሪፉ፥ ርሕስቲ ተኽለእልፍ መብራህቱ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንሱራ

ዓብደላ ብርሃ ወልደስላሰ ምባል ተሪፉ፥ ገብረመድህን ብርሃ ወልደስላሰ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

መ/ድዓሊ መ/ድ ዐስማን ምባል ተሪፉ፥ መ/ድዓሊ መ/ድ ኣሕመድ ዐስማን ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሕመድሓምድ መሓመድ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፥ መ/ድሓምድ መ/ድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓዚዛ እድሪስ ጀዓር ምባል ተሪፉ፥ መርያም ጀዓር መ/ድ ኑር ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤማን መ/ድ ኤማን ምባል ተሪፉ፥ ኤማን ዐስማን ኤማን ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሩፍታ ሚካኤል ይሕደጎ፡ ኣቦይ ሚካኤል ይሕደጎ ሓጎስ ስለዝዋረፈ፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ዘርኣብሩኽ መሓሪ ገብረክርስቶስ ምባል ተሪፉ፥ ሩፋኤል መሓሪ ገብረክርስቶስ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዓኖ ምሕረቱ ገብረማርያም፡ ብዒል ቤተይ መም/ኣምለሶም ገብሩ ሃብቶም ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 4 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ከም ኡ'ውን ብዘመድ እንዳጋን እንዳኣኖን ሞግዚት ናይ ትሕቲ ዕድመ ደቀይ ምዃነይ ስለ ዝተሸምኩ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓጋዚት መጽሓፍ
ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ
(ክፍልታት 9-12)
Comprehensive Mathematics
Grade 9-12
- Algebra
- Geometry
ኣብ ውሽጢ 544 ገጻት
ንኣልጀብራን ጂኦሜትሪን
ሰፊሕን ዓሚቕን ሸፊነ እትህብ
ዓባይን ብልጽትን መጽሓፍ!!

ትሕዝቶ መጽሓፍ
✓ መግለጺ ኣምራት ኣልጀብራን ጂኦሜትሪን
✓ ብናህ ኣብነታት
✓ ስእላዊ መረዳእታታት
✓ መሃርቲ ሰሌዳታት
✓ ዝተዓየዩ ሕቶታትን ግድላትን
✓ ዝተፈትሑ ማትሪክ-መሰል ግድላት
✓ መዘንቲ መላመዲታት
✓ መልሲ መላመዲታት

ኣብ ኣብያተ መሸጣ መጻሕፍቲ ትረኽቡዎ።

ንዝያዳ ሓበሬታ
07142402 / 07461121

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሶፍያ መሓመድሰዒድ ኑርሓሴን፡ ብዒል ቤተይ ፍስሃየ ሃብቱ ተከኤ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት ካሕሳ ደሰታ ገ/ማርያም፡ ተኸሳሲ ዑቕባሚካኤል ተከኤ ተስፉ፡ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ሰ/ሰ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብኻ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ ድራባ በላ ካከሸ፡ ወደይ ሰንቡታይ ጉብረእየሱስ ኃንጉል ስለዝዘተሰወኡ፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለ ዘይብሉ፡ ኣቡኡ'ውን መዋቲ ስለ ዝኾነ፡ ኣነ ወላዲቱ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ሰዑዳ እድሪስ ያሲን፡ ስም ኣደይ ጀምዓ ኣሕመድ ሰፌ ምባል ተሪፉ፡ ጀምዓ ኣሕመድ ሰሊማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ መርሃዊት ሰዩም ኣድጎይ፡ ብዒል ቤተይ መንግስቱ ቦኸሪይ ወልደርፌኤል ስለዝዘተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ክፍለስላሴ ወልደሃንስ ስኡሉ፡ ወደይ ገርጃ ክፍለስላሴ ወልደሃንስ ስለዝዘተሰወኡ፡ ኣነ ምስ ወላዲቱ ወ/ሮ ብርጭቆ ምሕረትኣብ ክፍለ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

መሓመድሓሰን ዐስማን መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ሓሰን ዐስማን መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እድሪስ ዐስማን እድሪስ ኑር ምባል ተሪፉ፡ እድሪስ መሓመድ ዐስማን እድሪስ ኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ያሲን መሓመድ ኣደም፡ ስም ኣደይ ከድጃ መሓመድ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ ከዲጃ ኢብራሂም መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ከዲጃ ጀምዕ እድሪስ፡ ስም ኣደይ ፋጥና እድሪስ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና መሓመድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።




ብስም የሩሳሌም ኣብርሃም ተኽለ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00040629 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ሓርነት ቁ.ገዛ 39 ዝርከብ ናይ ባርን ፋሰት ፋድን ትካለይ፡ ንኣቶ ቴድሮስ ፍትዊ ጉብረመድህን፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ሓርነት ቁ.ገዛ 39 ካብ ዕለት 15/05/2026 ክሳብ ዕለት 14/05/2031 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቲይሉ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

የሩሳሌም ኣብርሃም ተኽለ

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/ማሰል ኣቶ ሃብቶም ደበሳይን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ እስቲፋኖስ ኣስመላሽን ብዘተፈጥረ ክርክር፡ ብቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል፡ እዚ ኣብ ከተማ ሓጋዝ ኣብ ምምሕዳር 02 (ከባቢ ቤት ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ሓጋዝ) ዝርከብ ገዛ ኣብ 300 ት/ሜ ዝተደኮነ ሰርቪስ ኮይኑ፡ ክልተ ቀንዲ ክፍልታትን 1 ክሽነ ክልተ ዓይነ ምድሪ ክልተ ዘይተወድኡ ክፍልታትን ናይ ማይ ባኞን ዝሓዘ ኮይኑ፡ ብከኢላ ማጠቃለሲ ዋጋ 187,806.74 (ሓደ ሚእትን ሰማንያን ሸውዓተን ሽሕን ሸሞንተ ሚእትን ሽዱሽተን 74%) ናቕፋ ተገሚቱ፣ ስለዚ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ገዛ ዝግበር ሓራጅ ክስተፍ ዝደሊ፡ ናይ'ቲ መወዳደሪ ዝረቑሐ ማጠን ገዝዑብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ብምጽሓፍ ብዕሹግ ሰታሪት ኣዳልዩ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ሳጹን የእቱ። ኣብ ዕለት ሓራጅ ድማ 1/4 ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንክ በኽ ወይ ድማ ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ፡- 28/07/2026
ሰዓት ሓራጅ፡- 3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፡- ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ቁ/27
ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ፡ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቁ/67 ቀሪቡ ክውከስ ይኽእል።
ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣምጺኡ ሓራጅ ኣይቋረጽን።

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/ማሰል ወረ/ነፍ ስምኦም ነጋሽ ደስታን ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ነፍ ስምኦም ነጋሽ ደስታን ብዝተፈጥረ ናይ ወርሻ ክርክር፡ እቲ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ እምባጋሊያኖ ጎደና 112-12 ዚፕ ኮድ 1A112 ኣብ 240 ት/ሜ ዝተደኮነ 5 ቀንዲ ክፍሊ 2 ሓገዝቲ ዝሓዘ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ተሸይጡ በዘጽሒቶም ክወስዱ ቤት ፍርዲ ስለ ዝኣዘዘ፡ እዚ ገዛ ብዘለዎ ኩነታት ብከኢላ ማጠቃለሲ ዋጋ ናይ ሓራጅ 128,931.20 ናቕፋ (ሚእትን ዕስራን ሸሞንተን ሽሕን ትሽዓተ ሚእትን ሰላሳን ሓደን 20/%) ስለ ዝተገመተ፡ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ጨረታ ክስተፍ ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ጨረታ ዘሎ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ ኣብ ላዕላዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ፡ ተወዳዳሪ ክበጽሖ ዝደሊ መጠኑ ብቑጽርን ፊደልን ብዝጹር ጽሒፉ፡ ኣብ ፖስታ ዓሺጉ የእቱ። ኣብ ዕለት ሓራጅ ድማ 1/4 ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ብምስራሕ ወይ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ሐዙ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ፡- 30/07/2026
ሰዓት ሓራጅ፡- 3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፡- ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባኢያ ቁ/27
ገዛ ክርኢ ዝደሊ፡ ኣብ ከባቢ እምባጋሊያኖ ዳ/ዓንሰባ ባር ኣስመላሽ ሓሊፍካ።
ተወሳኺ ሓበሬታ ክወስድ ዝደሊ፡ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/64 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት መጺኡ ክውከስ ይኽእል።
ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ።

# ካብ ደብሪ ናብ ገድሊ

መብራህቶም ገብረሂወት
ህዝባዊ ርክብ ሚ/ሪ ሕርሻ - ጋሽ-ባርካ

ታሪኽን ዛንታን ገድሊ ኤርትራ፡ ጸዊሻ ዘይውዳእ እጹብ ድንቂ ፍጻመታት ዝሓቖፈ እዩ። ንስለ ናጽነት ዝተኸፍለ ዋጋውን ብቓላት ክግለጽ ዘይክእል'ዩ። ቀጺልና እንምብኦ



ተጋ/ ገብረእየሱስ ገብረገርግስ (ሃለቃ) - ኣብ 1979

ኣካል ናይዚ ክቡር ገድላዊ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ዛንታ ጉዳም ተጋዳላይ ነቕርበልኩም - ሰናይ ንባብ።

**ብድሕሪብይታኻዶ ዕልልና ክንጀምር፤**

ገብረእየሱስ ገብረገርግስ ተፈሪ እብሃል። ብዚየዳ ግን 'ሃለቃ' ብዝብል ሳጓ እየ ዝፍለጥ። ብ1954 ዓ/ም እየ ተወሊደ። ቁሩብ ብዝዕባ ድሕረ-ባይታይ ንምግላጽ፡ ኣብ 1976 ዓ/ም ናብ ሜዳ ተሰሊፈ። ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ተመዲበ ከኣ ኣብ እተፈላለዩ ዓውደ-ውግኣት ተሳቲፈ። ኣብ እተፈላለዩ እዋናት'ውን ፈኲስትን ከቢድትን መውጋእቲ ኣጋጢሙኒ። ብሰንኪ ኣብ እግረይ ዘጋጠመኒ ክቢድ ዝበለ መውጋእቲ ከኣ ካብ ተዋጋኢ ሰራዊት ተሳሒበ ኣብ እተፈላለየ ወድባዊ ስራሓት ተመዲበ እኛመይ ኣብርኪተ። ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ እተፈላለዩ ዕማማት ተመዲበ ኣገልጊለ። ኣብዚ እዋን ድማ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ እየ።

**ብዛዕባ ኣተዓባብያኻኸ እንታይ ምበልካ፤**

ኣተዓባብያይ ብዝምልከት፡ ዕባይ ገጠር፣ ወዲ ሓረስቶት ስድራቤት ማለት'ዩ። ካብ'ቶም 8 ኣሕዋተይ ማእከላይ እዩ። ማእከላይ ብምዃነይ ከኣ ኣብ ግዜ ቁልዕነተይ ማማቒን ሓንቲቖን እየ ዓቢ። ኣብ ግዜ ቁልዕነተይ፡ ቅልጡፍን ንጡፉን ምንባረይ እዝክር። ባህርያተይ ድማ ህድእ ዝበለኩ ነይረ። ስድራና ኣብ ትምህርቲ ዓቢ ተገዳስነት'ዩ ነይሩዎም። ኣደይ "ዝወደይ ዝተማህረ እዩ ሰብ ዝኸውን" ትብለኒ ነይራ። ናይ ኣቦይ ከኣ'ሞ ሕልፍ ዝበለ'ዩ ነይሩ። ምሸት ምሸት፡ ብቐጻሊ "ዝወደይ! መሃይም ከይትኸውን ሰብ ዝጸሓፎ ምእንቲ ክትነብር፡ ተማሃር" ክብለኒ እዝክር። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ ወለደይ ከም ሓሳቦምን ቃሎምን ትምህርቲ ኣጀሚሮምኒ።

**እንታይ ዓይነት ትምህርቲ ጀሚርካ፤**

ኣብቲ እዋን ትምህርቲ ምህሮ ኣስኳላ ከምኡ ድማ ምህሮ ዲቁና እናተባህለ እዩ ዝጥቀስ ዝነበረ። ሃይማኖታዊ ምህሮን ዘመናዊ ምህሮን ተባሂሉ እውን ይግለጽ ነይሩ እዩ። ስድራና፡ ንዓይ 'ምህሮ ዲቁና' እየም መሪጾሙለይ። ኣብ 5 ዓመት ዕድመይ ትምህርቲ ዲቁና ጀሚረ፡ ክሳዕ ወዲ 10 ዓመት ዝበጽሕ፡ ቡቡዩረጃኡ ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ተማሂረ። እቲ ትምህርቲ ምስ ካልኦት መሳቶይ ወይ መዛኑዩይ ብምዃን ሓቢርና ንመሃሮ ነርና። ኑቲ ትምህርቲ ከኣ ቁልቡ ቁልቡ እናኣበልና ቀልጢፍና ንሕዞ ነይርና። ልክዕ ከም ጸዕዳ ወረቐት ኢና፡ ዘዘተማሃርናዮ ኣብ ኣእምሮና ንሽኩዖ ዝነበርና። ኣብ ገሰት በረኻ ምስ ወፈርና፡ ኑቲ ዝተማሃርናዮ ምሉእ መዓልቲ ክንደግሞ ንውዕል። መጽሓፍ ኣብ መንኩብና ወይ ማእገርና ሰቒልና ሰጦ ኢልና ንምሃር ነይርና።የጉዱ ኣብ'ቲ ሽዑ እዋን ዝተማሃርክዎ ብምልኣት ኣእምሮይ ዝፃገበሉ ኣይነበረን። ልክዕ ከም ናይ ኣካዳሚ ትምህርቲ፡ ሃይማኖት'ውን እተፈላለዩ ደረጃታት ኣለዎ። "ንፍልጠተይ ክውሰኸሉ ኣለኒ" ዝብል ህንጡይ ባህጊ ድማ ሓዲሩኒ። ኮታስ "ኣብ ዝለዓለ ክበጽሕ ኣለኒ" ዝብል ቅሙጥ ሓሳብ ፈኺም እናበለ ሓንጎለይ ይኹሕኩሓኒ ነበረ። ምኽንያቱ፡ ዋላ'ኳ ንእሹቶ ይኹን "ትምህርቲ ሃይማኖት ሰፊሕ እዩ፡ ሰብ ኣብ ዝለዓለ ክበጽሕ ኣለዎ" ዝብል ዘረባ ይምርኾኒ ነይሩ። ፍሉይ ተምሳጥ ከሰርጸለይን ሓያል ባህጊ ከሕድረለይን ድማ ክኣለ። እንተኾነ ኣጋጣሚ ኮይኑ ትምህርቲ ሃይማኖት ክቕጽሎ ኣይከኣልኩን ኣቋሪጸዮ።

**እንታይ ኣጋጢሙ፤**

ዓመት 1965፡ ሕሰም ደርቂ ዝተራእየሉ ሕማቕ ዓመት'ያ ዝነበረት። መቸም ኣብ ህይወት ኩሉ ግዜ ኣድካ ኣይመልኣልካን እዩ። ኣብ ዓለም 'ምርካብ' እንተ'ሎ 'ምስኣን' እውን ኣሎ። ስድራቤታት ስእነትን ጥሜትን ኣጋጢሙወን ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት፡ ኣብ'ቲ እዋን ንዘበረ ጸገም ንምስጋር፡ ናብ ሰደት ዘምርሓሉ እዋናት ነይሩ እዩ። ንሕና እውን ከም ስድራቤት ብሰንኪ ስእነት፡ ተገዲድና ተሰዲድና። ኣብ'ቲ እዋን ብጽገም ካብ ገዛኻ እንተ ወጺእካ፡ ናይ ቦታ ምቕራብ ወይ ምርሓቕ ብዘየገድስ "ሰደት" እናተባህለ እዩ ዝግለጽ። ሽዱሽተ ትንፋስ ዝሓዘት ስድራ ካብ ሰርሓ ወጋሕታ ተበጊስና ትገፅዘ ወዓልና ብጸላም ጸርና ኣቲና። ኣብ ቀላይ በዓልቲት ሓዲርና። ንጽባሒቱ መንገድና ቀጺልና ብዑዲ ሰጋድ ሓሊፍና ዝበን ስረዳ ተቐልቀልና። ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ ድኻምን ሓርገጽገጽን ዝተሓወሶ ድኻም፡ ኣብ እንዳ ጋብር ቅንጣፉላ ክንኣቱ ክኣልና። እቶም ናእሽቱ ወይ ቈልዑ ዝነበርና መዓስ ኢና ኣብቲ ንኸጾ ዘሎና ቦታ ንበጽሕ ጥራይ ኢና ንብል። ጉዕዝና መኸተምታ ረኺቡ፡ ስድራና ኣብ'ታ ዓዲ ክንቅመጥ ወሲኖም። ብበየናቶምና ኣብ ስራሕ ተዋፊርና ኑቲ እዋን ንኽንሰጋገር፡ ኣብ 'ቅንጣፉላ' ክንነብር ጀሚርና። ኣነ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ዕድመይ 10 ዓመት ኣቑጺረ ኣለኹ። ኣብ ጥቓ ቅንጣፉላ ጎደቦ ዓዲ ወርሓዊ ብፃሰቢ ተቖጺረ። ንወርሒ ሓደ ቅርሺ እኽፈል ነርኩ። ዓሰቢ ንስድራና እዩ ዝወሃብ። ጸገም ሓያል እዩ፡ ሕሰቦ ወዲ ዓሰርተ ዓመት ካብ ኣቦይን ኣደይን ብየብኡ ካብ ስድራቤተይ ተፈልየ ምቕማጥ ከቢድ ነይሩ። ግዜ መዓልታትን ሰሙናትን ሓሊፉ ኣዋርሕ ኮነ። ኣነ ወለደይ ናፊቐዮም። በቃ ናፍቖት በርቲዕኒ፣ ብኣደ ዋኒን ናብ'ታ ስድራይ ዝነበሩዋ ዓዲ 'ቅንጣፉላ' ተመሊሰ። ስድራ ሰንቢዶም "ስለምንታይ መጺእካ" ኢሎም ገሪሖሙኒ። እምብዛ ከም ዝናፈቕኩ ነጊረዮም። ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ "ሕጂ ክትምለስ ኢኻ" ኢሎሙኒ። ቁልዓ ምስ ምዃነይ ናፍቖት በርቲዑኒ ስለዝኾነ "ኣይፋል፡ ኣይከይድን እየ!" ኢለ ኣቕቢጸ። ስድራና ተመያይጦም ምኽንያተይ ተቐቢሎምኒ። ድልየተይ ስለዝፈለጡ፡ ስድራይ ኣብ ዝነበሩላ ዝበሩላ ቅንጣፉላ ምስኣቶም ብሓባር ክቕመጥ ጀመርኩ። ኣብ ገዛና ወርሓዊ ዝከፍል 'ጋብር' ነይሩና። ዋላ'ኳ ካብ ገዛና ንውጻእ (ንሰደድ) ጋብር ኣብ ዕለቱ ነኽብሮ ነርና። በዚ ምኽንያት ወርሒ ወርሒ ኣብ ቤት-ክርስትያን መገደፍ ክበጽሕ ኣደይ ትልእኸኒ ነይራ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ግን፡ 'መገደፍ' ናብ ቤት-ክርስትያን ክበጽሕ ምስ ተላኣኽኩ ግዘ ኣይተመለስኩን።

**እንታይ ተረኺቡ፤**

ኣብ ኣእምሮይ ዝሰረጸ ኣገልግሎት ቤተ-ክርስትያንን ትምህርቲ ሃይማኖትን ተወዚፉ እዩ ነይሩ። ብሰንኪ ስደት ወይ ምምዝባል፡ ንእዋኑ ካብ ድረር ኣእምሮ ንላዕሊ ድረር ኩቡዲ ቀፃምት ክስራዕ ግድን ነበረ። ብወገነይ ኣብ ኣእምሮይ ዝመላለሰ "ትምህርቲ ሃይማኖት ብዕምቆት ክቕጽሎ ኣለኒ" ዝብል ኣብ ልበይ ዝሓደረ ሓሳብ ደሪኹኒ። በቃ በዚ ሓሳብ ተደፊኤ ብዘተልኣኽክዎ ከይተመለስኩ ንቕድመይ ኣምሪሐ። ጉዕዘይ ፈጣን እዩ። ጥራሕ እግረይ፣ ሳእኒ የብለይ። ውልዶ እየ፣ ሽኮ ኣጕጋረይ ግዮፍ፡ ከም ንፋስ እየ ዝሕንብብ። በይነይ ካብ ቅንጣፉላ ተበጊሰ ኣብ እንዳ ጋብር ደርዓንቶ ኣተኹ። ኣቡኡ'ውን ጠጠው ኣየበልኩን ጉዕዘይ ቀጺልኩዎ።

**ናብይ ገጽካ፤**


ኣብ ክበጽሖ ዝደለኹ ቦታ ክበጽሓኒ ዝኽእል ገለ ኣንፈት ነይሩኒ እዩ። ብዛዕባ ቅርበትን ርሑቀትን ናይቲ ቦታ ግና ዝፈልጦ ኣይነበረንን። ጉዕዞ ምስ ጀመርኩ ብሓሳብ እምበር ብዮዝበሪ ድሕሪት ገጸይ ኣይጠመትኩን። ሓሳበይ ግና ማንታ ኣንፈታት ሐዞም ኣንፈት ብኣንፈቱ ኣንጻር ኣንፈት 'ቅድሚትን ድሕሪትን' ኮይኑ። መዛርብቲ የብለይን ምስ ንጹሩብሰይ ኣውግዕ፡ ባዕለይ ሓታቲ ባዕለይ መላሲ። ዓቐቡ ቁልቁል፡ ጎልጎል፡ ሜዳ... ኩሉም ኣለዎ። ዝኣምነን 'ሽኮ ኣእጋረይ' ሐዙ እኸይድ እገዓዝ፡ "ኣንታ ፈጣሪ መዓስየ ኣብ ዝሓስበኩዎ ዝበጽሕ" እብል። ቡቲ ሓደ ወገን ከኣ ኣደይን ኣቦይን ከምኡ'ውን ኣሕዋተይ ኣብ ዓይነይ ቅጅል ኢሎም ደርኣዩኒ። እደፋነቕ "ከመይ ኮን ይህልው፤ እንታይ ይብሉ ይህልው፤ እብል። ብፍላይ ስሕበት ወላዲት ሓያል እዩ። ብሓፈሻ ፍቕሪ ወለዲ ከቢድ እኳ እንተኾነ፡ ፍቕሪ ናይ ኣደ ግና መዳርግቲ የብሉን። ኣብ ኣእምሮኻ ቅምጥ ኢላ ኮፍ ኢያ ትብል። መዕለብየይ 'ጉዳም ኣቡኑ-ብሩኽ' ምዃኑ እፈልጥ እዩ። ኣቀማምጣን ሂወትን ጉዳም ኣብ ሓንጎለይ ዝቖረጽክዎ ምስሊ ኣሎ። ካብኡ ተበጊሰ ኣብቲ ጉዳም ዝኣተኹን ምቁር ሂወት ጉዳም ዝተኻፈልኩዎን ኮይኑ እስምዓኒ። ኣብ ውሽጢ ንስብዝርርብ ጥሐለ ከኣ እገዓዝ፡ መንገዲ ይሰልጠ፡ መሬት ከኣ ጭንቅርብ ኢሉ ይመስለ። ከም ኣመለይ ኣብ ዝቐረበ ዓዲ ኣላገሰ ኣሕድሩኒ ኢለ እሓድር።

ኣብቲ እዋን'ቲ ዕድመይ 12



ተጋ/ ገብረእየሱስ ገብረገርግስ (ሃለቃ) - ኣብ መጥቃዕቲ ምድምሳስ ውቃው እዝ፡ ወተሃደር ደርግ እናማረኸ (1984)

ዓመት ረጊጸ ኣሎኹ። ኣብ መንገደይ ብድኻም፡ ጥሜትን ጽምእን መከራይ ጸጊቡ። እሞ ድማ ብዘይጫማ ጥራሕ እግረይ፡ መንገዲ ጥራሕ እግርኻ ዘሎ ጭንቂ ኣይንርኣዮ! እሾኽ፡ ጸጸር፡ በላሕቲ ኣእማን ኩሉም ኩቡዲ እግርኻ ዘቘስሉ እዮም። ኮፍ ኢልካ ካብ እግርኻ እሾኽ ከተውጽእ ዝጠፍኣን ግዜ እውን ኣሎ። እንተኾነ "መንገዲ ጽድቂ ምንዳይ" ስለዝኾነ ከምቲ እምነት ዝብሎ፡ ኑቲ ድኻምን ሕሰምን ከም ጸጋ ተቐቢለ ብልበይ እሕጎስ። ድሕሪ ብዙሕ መሰናኽላት ምስጋር ዓዲ ኳላ ሓሊፈ፡ ኣብ ጸዓፍ መልክዑ-መሬት ዝተደኮነ ብዕመር ኣግራብ ዝማዕረገ ኣብ መራጉዝ ዝርከብ ቅዱስ ስፍራ 'ጉዳም ኣቡኑ-ብሩኽ' ተራኣኹ። ፈለስቲ ናይ'ቲ ጉዳም ብጽቡቕ መንፈስ ተቐቢሎሙኒ። ከም ጋሻ ማጠን እግረይ ሓጺቦሙኒ። ጉዳም ብቓል ትሕትና ዝበጦን ብጉብሪ ዝትግበረሉን ቅዱስ ቦታ እዩ። ኣብ'ቲ ጉዳም ብዕድመ ልዕለይን መሳቶይን ዝኾኑ ተማሃሮ ጸኒሖሙኒ። ሽዑ ዝተሰምዓኒ ባህታን ሓጎስን መዳርግቲ



ተጋ/ ገብረእየሱስ ገብረገርግስ (ሃለቃ) - 2026

ኣይርከቦን እዩ። ክትርእዮ ባህ ዝብል ቤተ-ክርስትያኑ ወቁቦት ኣግራብ ምስ ተዓዘበኩ ጸሓየይ በሪቑለይ፣ ኣዝዩ ተበሪሁኒ። ቁሩብ ከዕርፍን ከም ጋሻ ማጠን ቀስ ብቐስ ክላለይን ዕድል ተዋሂቡኒ። ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ድማ ትምህርቲ ሃይማኖት ጀሚረ።

**ህይወት ጉዳም እሞ ከመይ ነበረ፤**

ጉዳም ቅዱስ ቦታ ብምዃኑ ፍሉይ ባህታ እዩ ዝፈጥረልካ። ካብ መንበርካ ናብ ቤተ-ክርስትያን እኹን ሓንትን'ያ እታ መንገዲ። ካልእ ማስመር የለን። ትምህርትን ጸሎትን ዕለታዊ ኣሎ። ኣብ ጉዳም ዘሎ ብጹእነት፡ ቅድስና፡ ትሕትና፡ ሰናይ ግብሪ... ተኣምር እዩ፣ ክትገልጾ ዓቕሚ ኢኻ እትስእን። መንፈሳዊ መለቀት ኣለዎ። ስሩዕ ህይወት እዩ። ኩሉ ሃምኻን ቀልብኻን ብዛዕባ እምነት ጥራይ እዩ። ኩሉም ኣብ ጉዳም ዝወዓቡ ትምህርቲ ተማሂረዮም እዩ። ባሕታዊ ጉዳም ክኸውን በቒዑ። ኩሉ ስርዓምግባር ጉዳም ቀሲሙ። ህይወት እምነት ምስ ተማሃሮ ጉዳም ወርትግ ኣብ ኣእምሮይ ሰፊሩ ወይ ተቐሚጡ ኣሎ። ብኸምዚ ብሓባር ኣብቲ ቅዱስ ቦታ ጉዳም ኣቡኑ-ብሩኽ ንቕመጥ ነርና።

ይቕጽል

ቃለ-መሕትት

# ምስ ቀዋሚት ኣምበሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወ/ሮ ሶፍያ ተስፋማርያም

ዓንዶም ግርማይ
(ወዲ-ደረስ)

ኤርትራ ምስ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጸንሓ ርክብ ልዕሊ 80 ዓመት ዘቖጸረ ምስ ምዃኑ፡ ታሪኽ ኤርትራ ብመንጽር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምስ ዝትንተን ንፍሲ-ወከፉ መድረኽ ዝገልጾን ዘንጸባርቖን ታሪኽ ከም ዘሎዎ ኒጌሪ ትደልየሉ ኣይኮነን።

ውድብ ሕቡራት ሃገራት ካብ ጽልዋ ርእሰ ሓያላን ሃገራት ናጻ ብዘይ ምዃኑ ጉዳ ብመንገዲ ብብመድረኹ ብምሉኡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወሰነ ብይን ንመሳልን ግቡኣትን ረጊጹ፡ ንጂኡ ፖለቲካዊ ረብሓ ሓያላን ሃገራት ክብ ዘበለ ብምንባሩን ብምዃኑን ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቁጽጽር ኣሳሲይዖም



ዝኾኑት ኢትዮጵያ ንኸውድቑ ህድግለ ዘይብሉ በደላን ዓመጽን ፈጺሞም እዮም።

ነገር ግን ሓቂ ብእግራ እንተ ቐበርካያ ብርእሳ እያ ትወጽእ፡ እዚ ከኣ ባህርያዊ ሕጊ እዩ፡ ንኣብነት፡ ኣብ ማእርሕ ምርጫ ብዙሕ ተንኮል ከም ዘሎ ርእሰ ግሉጽ እዩ፡ ኣብዚ ዘለናያ ወርሒ ሰኑ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተኻየዱ ምርጫታት ነይሮም፡ ኤርትራ ድማ ከም ኣባል ናይቲ ውድብ ኣብ ገለ ካብ ዝተኻየዱ ምርጫታት ብዘይ ዝኾነ ናይ ምረጹኒ ወፍሪ ንላዕለኛ ኣካይዳኣ ብዘኮልሕ ክትምረጽ ክኢላ ኣላ፡ እዚ ድማ ላዕለኛ ምስሊ ርእሰ ቅኑዕ ኣካይዳኣን መማስ መድረኹ ዘይለዋወጥ መትከላን ዘኮልሕ እዩ፡ ኣብ ገለ ማእርሕ ናይቲ ምርጫ ብምስጢር ዝተኻየደ ይርከቡ፡ ኣብቲ ብምስጢር ዝተኻየደ ምርጫ፡ መን ንመን ኣድማጹ እናተባህሉ ብገቦ ኣዒንቲ እትጠማመተሉ ብዘይ ምንባሩ ድማ ካብ ዝበለጸ ክፉል ኣካይዳ ናይቲ ምርጫ ምንባሩ ክጥቀስ ይከኣል።

ደምሲ ሓፋሽ ኤርትራ ንሓፈሻዊ ምስሊ ናይቲ ዝተኻየደ ምርጫ ንኽምዝኣቲ ዝኣክል መበርሂ ንምቅራብ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ረድዮ፡ ኣቶ ግርማይ በርሀ (ዓሰምባ) ምስ ቀዋሚት ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳደር ሶፍያ ተስፋማርያም ብቴለፎን ናይ ዘካየዶ ቃለ-መሕተት፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣጕዳሲኡ ብምግዛእ ኑቲ ብኣምባሳደር ሶፍያ ዝተዋህበ ሓበሬታ ኣንበብቲ ክፈልጥዎ ብምባል እንሆ ብኸምዚ ዝስዕብ ናቕሩም ተብሎ።

ሕቡራት ሃገራት፡ ብ193 ሃገራት ዝቖመ ውድብ'ዩ፡ ኣብ ትሕቲኡ ድማ ሓያሎ ምስ ፖለቲካ፡ ዲፕሎማሲ፡ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ቀጠባ፡ ማሕበራዊ ህይወት፡ ምዕቃብን ምክንኻንን ባህርያዊ ሃብቲ፡ ክሊማዊ ለውጢ፡ መጉበን ሕርሻን፡ ጀኦ-ፖለቲካዊ ስትራተጂ፡ ሰብኣዊ ማሳሳትን ካልእን ይራቀቐፍ። ኤርትራ ከኣ ከም ኣካል ኣባል ናይቲ ውድብ ማጠን ኣብ ከለን ጉጅለታት ምስ እትሳተፍ፡ ዝህልዋ መኸሰብ ከም ሻሙ ዝሕለፍ ኣይኮነን፡ ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ምስ ኣምባሳደር ሶፍያ ዝተኻየደ ዕላል ከጽሮ'ዩ።

- **ኣምባሳደር ሶፍያ፡ ኣብ ዝሓለፈ መበል 35 ዓመት ናጽነትና ኣብ ዝጸንበልናሉ፡ ኣብዚ ዘለናያ ሰኑ 2026፡ ኣብቲ ትሳተፍሉ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምርጫ ብዘምልከት ብዙሕ ንጥፈታት ክተካይድ ምዃኑን ብወገን ኤርትራ'ውን፡ ብናታ መደብ ኣብ ገለ ናይቲ ዝተኻየደ ምርጫታት ክትሳተፍ ምዃናን ተሓቢሩ ነይሩ'ሞ፡ ብዝዕባዚ ዘሎ ሓበሬታ ከተካፍልና፤**

ከምቲ ኣብቲ እዋን ዝጠቐስክዎ፡ እዛ ዘለናያ ሰኑ 2026፡ ኣብ'ቲ ውድብ ብዙሕ ምርጫታት'ዩ ክካየደ፡ ኣብቲ ዝኾና ኣብ ፈለማ ሰሙን ናይ'ዛ ወርሒ፡ ንሓፈሻዊ ቤት ምኽሪ ማሕበረ-ቀጠባ ናይቲ ውድብ ዝምልከት፡ ቤት ምኽሪ ኮሚሽን ናቱ ምርጫ ኣካይዱ። ሓፈሻዊ ጉባኤ ብጥይዱ ምርጫ ምክትል ፕረዚደንት ኣካይዱ ኣሎ፡ ኣብዚ ብፍላይ ኣብ ምክትል ፕረዚደንት ክምረጽ ዝደልያ መብዝሕትኣን ሃገራት፡ ቅድሚ 5 ወይ 6 ዓመት'የ ናይ ምረጹኒ ስመን ዘሕትዋ፡ ቅድሚ ሕጂ ንሕና ክንምረጽ ኣብ እንደልየሉ፡ ንኣፍሪቃ ዝተሓዝአ መናብር ተታሒዙ'ዩ ዝጸንሓና ነይሩ፡ ኣብዛ ዓመት ግን ንኣህጉርና ካብ ዝተሓዝአ ክልተ ክፉታት መናብር ስለ ዝነበረ "ዕድልና ዘይንርኢ" ብምባል ስምና (ኤርትራ) ኣእቲናሉ፡ ናይ ኣፍሪቃ ሓፈሻዊ ጉባኤ ምክትል ፕረዚደንት ክትምረጽ፡ ብኣፍሪቃዊ ሕብረት'ዩ ዝውሰን፡ በዚ መሰረት እቲ ዝርዝር ናብ ቤት ጽሕፈት ሕብረት ኣፍሪቃ ክኸይድ ነይሩዎ፡ ኣብኡ በጺሑ ብመራሕቲ ሃገራት ጸዲቑ ድማ ናባና ክምለስ ነይሩዎ፡ ብዘኾነ ግን ገለ ጸገማት ኣጋጢሙ፡ እቲ ብመራሕቲ ሃገር ዝተወሰነ ጉዳይ ኣብ ነውየርክ ምስ በጽሐ ተቐባሪ ጸኒሑና፡ ኣብ ነውየርክ ከዐርዮ ግዜ ወሲዱ - ቁሩብ ገልጠምጠም ነይሩዎ፡ እቲ መጻልቲ እናቐረበ ይኸይድ ስለ ዝነበረ ድማ ምስቶም ኣብ ዝርዝር ዝለዉ ሃገራት ተዘራሪብና፡ እቲ ቦታ ንኤርትራ ከም ዝጥዐ፤ ሕብረት ኣፍሪቃ ድማ እቲ ውሳኔ ኣብ ነውየርክ ክፈድቖ ኣለዎ ስለ ዝበለ፡ ኣብ ነውየርክ ምስ ዝርከቡ ኮሚተ ኣምረጽቲ ክንዘራረብ ግዜ በሊዑ፡ ጉዳዩስ ክንገብር እኹል ግዜ ኣይነበረናን፡ ኣብ መወዳእታ ስምና ኣብኡ ኣእቲና ብዘይ ብዙሕ ገልጠምጠም ክንምረጽ ክኢልና።

ኣብታ ቤት ምኽሪ ማሕበረ-ቀጠባዊ ሕቡራት ሃገራት (ኢኮሶክ) ግን ምርጫ ናይ ሃገራት እዩ፡ ነፍሲ-ወከፍ ኣብኡ ዘሎ ሃገር ክመርጻ ኣለዎ፡ ኣብኡ ድማ ተመሳሳሊ ጸገም ነይሩና፡ ኣብ ቤት ምኽሪ ማሕበረ-ቀጠባዊ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣቐዲሞም ካልኣይ ግዜ ክድምፃ ዝደልያ ገለ ሃገራት ኣፍሪቃ ነይረን፡ ስለ ዝኾነ ኣብኡ ክንምረጽ ብዙሕ ጸገማት ኢና ኣሕሊፍና፡ እንተኾነ ንሕና ንመጀመርታ ግዜና ስለ ዝኾነ "ዕድል ክወሃበና ኣለዎ፡ ከሉ-ሳዕ ንሶም ጥራይ ክሳተፉ ንሕና'ሽ ክንሳተፍ መሰልናዶ ኣይኮነን" ብምባል ስምና ኣብኡ ክኣቱ ኣለዎ ኢልና ተማጉትናዮም፡ ኣብ መወዳእታኡ "ኤርትራ ትእቶ" ተባሂሉ ኢና ኣቲና፡ ሃገራት ክምረጻ ጉዳዩስ ከካይዳ 5 ዓመትን ልዕሊኡን ዕድል ክረኽባ እንከለዋ፡ ንሕና ግን ከምኡ ዕድል ኣይረኸብናን፡ ዝኾነ ኾይኑ እቲ ከኒታትና ከምዚ ዝተጠቕሰ ዋላ ኾይኑ ኣብ መወዳእታ ናትና ኣብኡ ምእታው ዓቢ ስእሊ'ዩ ኣርእዩና።

ናብ ኮሚሽን ኢኮሶክ ተመሪጽና ክንኣቱ ከምቶም ካልኦት ሃገራት ብዘይ ጉቡኣስን እኹል ምቅርራብን ዝመርጹና፡ ኣባላት ሃገራት ናይቲ ውድብ'የም፡ እዚ ድማ ተቐባልነት ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ዘርኢ ወይ ዘጸርዩ፡ እዚ ንዖና ምስቲ ኹሉ ዝጸንሓና ገልጠምጠም ዓቢ ዓወት'ዩ፡ ኤርትራ ከም ሓዳስ ሃገር ከምኡ ዓይነት ተሳትፎ ንመጀመርታ ግዜኣ ይኹን'ምበር፡ "ክንዋሳእን ናትና ደምጺ ድማ ከለምዕን ንደሊ ኢና፡ ኣብ መደብ ልምዓት ርእይቶ ክንህብ ስለ ዘለናን ማዕረ-ማዕረኡ ኣብኡ ኣቲና ደማ ንመሃርኑ" ብዝብል ተማጕትና ኢና ኣቲናዮ፡ ኣብዚ ማእርሕ እቲ ትካል እንታይ ኣለዎ፧ ከመይከ ይሰርሕ፧ ከመይ'የም ዝዋስኡልና፧ ክንመሃረሉ ንኽእል ኢልና ዝሓሰብ፡ ከም ሓሳብና ኣብ ክልቲኡ ዝተወዓደርናዮ ምርጫ ጸቡቕ ከይዱልና ተዓዊትና ድማ ወጺእና ኣለና።

- **ኣምባሳደር ሶፍያ፡ እቲ ምርጫ ኣዝዩ ሓያል ጉልዛ ዝበር ምኻኑ ገሊጽኪ፡ ኤርትራ፡ ኣብኡ ምእታዋ ብፍላይ ኣብ ትሕቲ ደረጃ ምዕባለ ዝርከባ ሃገራት ኣብ ግምት ዘእተወ ብጽቡጥ እንታይ ክትሰርሕ ወይ ከተበርክት'ያ ኢልኪ ኢኺ ትኣምኒ፤**

ማእርሕ ኣብ ስርዓት ኢኮሶክ ንኤርትራ ሓዳሽ ኣይኮነን፡ ኤርትራ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኮምሽን ደቀንስትዮ ተሳቲፋ ነይራ'ያ፡ ኣብ ኮምሽን ስታስቲክ'ውን ንሰርሕ ኢና፡ እዚኣን ኣብ ትሕቲ ኢኮሶክ ካብ ዘለዋ ትካላት'የን፡ ናታቶም ኮሚተ ኣብ ናይ ዘይመንግስታዊ ትካላት'ውን ኣለና፡ ስለዚ ኣብ ትሕቲ ኢኮሶክ ዘለዉ ማሕበራትን ኮምሽናትን ክሰርሕን ክበርክትን ጸሒሕናን ኣለናን፡ ኣብ ኢኮሶክ ብዓንዲ ርእሱ ግን ንመጀመርታ ግዜ ኢና ንእቱ ዘለና፡ ናይ ኣፍሪቃ መንበር ንኣፍሪቃ፡ ናይ ኤስያ ንኤሲያውያን፡ ናይ ኣውሮጳ ከምኡ ወዘተ ይወሃብ፡ በዚ መሰረት ብሓፈሻ ኣብ ኮሚተ ቤት ምኽሪ ኢኮሶክ፡ 54 ሃገራት ክንህሉ ኢና።

ንሕና ኣብኡ ምህላውናን ብቐጥታ ክንዋሳእ ምኽኣልናን ብዙሕ ተመክሮ'ዩ ዘቕስመና፡ ንኣብነት ኣብ ገለኡ ጽልዋ ፖለቲካ ዘለዎም ጉዳያት ኣለዉ፡ ኣብኡ ምህላውና ጸቡቕ'ዩ ንዖና፡ እቲ ምንታይሲ፡ ብቐጥታ ኢና ክንሳተፍ፡ ካልኦት ብዘወሰንዎ ኣይኮንናን ክንከይድ፡ ኣብ ምዕባለ STD፡ ኣብ ዝኾነ ስርሓት ብቤት ምኽሪ ማሕበረ-ቀጠባዊ ሕቡራት ሃገራት ተመሪሑ ዝካየድ ንጥፍ ኢና፡ ንኣብነት፡ ኣብ ዝካየዱ ስምምዓት፡ ዝወጽኡ ሕጋጋት ወዘተ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት፡ ኣብኡ ስለ ዘለና ብቐጥታ ንሳተፍ ኣለና ማለት'ዩ፡ ከምቲ ክብ ኢሉ ዝተገልጸ ኣብ ኮሚሽን ደቀንስትዮን ካልእን ክሰርሕ ጸኒሕናን ስለ ዘለና፡ ሓፈሻዊ ሰስተም ኢኮሶክ ንሕና ንመጀመርታ ግዜና ኣይኮነን፡ ብምሉኡ ተልእኾን ኣሰራርሓን ቤት ምኽሪ ኢኮሶክ፡ ኣሰራርሓኡ ምእንቲ ክንርድኦ 'ተሳተፍትና ኣብ ሕቡራት ሃገራት ክዓቢ ኣለዎ' ስለ እንብል፡ ብኸምዚ ዓይነት ብቱጅላ ክንኣቱ ምኽኣልና ንዖና ተመኪሮ'ዩ፡ ኑየም ኣባላት ናይ ተልእኾ ድማ ካልእ ዕድል ይህቦም፡ እቲ ናታቶም ክእለት ከማዕብሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ከመይ ገይርካ ስምምዓት ትገብር፧ ኣብ ቅድሚ ቤት ምኽሪ ኢኮሶክ ዝቐርብ ጉዳይ ንዖና'ውን ዕድል'ዩ፡ ንኤርትራ ከም ሃገር ድማ ተርኣይነት (Visibility) ዘውህባ'ዩ፡ ኣብዚ ክትርኢ ጥራይ ምዃን ዘይኮነ ግን ኣብ ሕቡራት ሃገራት እንዘለኻ ከመይ ይርአዩኻ፧ ብፍላይ ኣብ ፖለቲካ ዓቢ ፖለቲካዊ ተራእይነት ኣሎ፡ ምኽንያቱ ኣብኡ ኣብ ውሳኔ ሰላምን ርግኣትን ገለ ክትብል ብዙሕ ፖለቲካ ስለ ዘሎ።

ኣብ ቀጠባዊ መዳይ፡ ማሕበራዊ ልምዓት፡ ሰብኣዊ ጉዳያት፡ ወዘተ ኣብ ትሕቲ'ዛ ኮምሽን ካብ ዝሕቈፉ መሓውራት ናይ'ቲ ውድብ'የም፡ ኣብኡ እንዝለና ድማ ናትና ሓሳባትን መርገጺ ሃገርናን ከቕርቦ ክንክእል ዕድል ኣለና፡ ኣብ ትካላት ሕቡራት ሃገራት ንኣብነት፡ ኣብ ዩኒሴፍ ምክትል ፕረሲደንት ኴንና ንሰርሕ ኣለና፡ ኣብኡ ዘለዉ ኣባላትን ካልኣትን ብቐጥታ ክንረኽቦምን እቲ ናትና ርክባት ከለዕለዎን ንኽእል ኢና፡ ተመሳሳሊ ኣብ ቴክኖሎጂ ጥንክ'ውን ሰሪሕና ኣለና፡ ስለዚ ኣብኡ ኣብርክቶ ክንገብር፡ ድምጽና ከሰምዕ ርእይቶና ከቕርብ ንኽእል ኢና፡ ካልኦት ሃገራት ኣብ ብዙሕ ይረኣዩ'ዮም፡ ንሕና'ውን ሕቡራት ሃገራት በዘለውዎ ትካላት ክንሳተፍ እንከለና፡ ተርኣይነትና ክዕዘዘ ይሕግዘና'ዩ፡ ኣብ ብዙሕ መሓውራት ናይቲ ውድብ ንጥፍ ስለ ዘበርናን ዘለናን እዚ ንዖና ዝበለጸ'ዩ።

በዚ መሰረት ኣብ ቤት ምኽሪ ኢኮሶክ ኣባላት ኴንና ክንኣቱ ብዘበዝሐ'የም መረጹሙና፡ ትም ኢሎም ኣይኮኑን ክምርጹና ክኢሎም፡ ኣብ ልዕሌና እምነት ስለ ዘለዎም'የም፡ ተመሳሳሊ ሓሳባት ከምና ዘለዎም ሃገራት እውን ስለ ዘለዉ፡ ድምጺ ናይ ኤርትራ ክሰምዑ ይደልዩ ኣለዉ ማለት'ዩ፡ እቶም ክንጽሉና ዝደልዩ ዝበሉ ሃገራት ከይተረፉ ኣብዚኣ ዋላ ሓንቲ ተቓውሞ ኣይረኣናሎምን፡ ብዙሓት መራሕቲ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ክጽሕፉልና እንከለዉ፡ "ኤርትራ፡ እንቋዕ ሓገሰኩም! ኣብዚኣ ክትህልዉ ክንደግፈኩም ኢና፡ " ዝብል'ዩ እቲ ዝለበና ግብረ-መልሲ፡ ከም ሓቂ ምዕራባውያን ከምኡ ክብሉኻ ትጽበዮ ኣይኮነን፡ ኣደላይነት ድምጺን ህላወን ኤርትራ ኣብ ቤት ምኽሪ ኢኮሶክ፡ ብቐንዱ ንዖና፡ ንኻልኦት ከኣ ብተመሳሳሊ ሕጂ ይረኣዩም ኣሎ፡ ከም ሓቂ፡ ድምጽና ክሰማዕ ድማ ኣብኡ ክንህሉ ኣለና፡ እንተ ዘየለና ካልኦት'የም ኣብ ክንዳና ኩይኖም ክዛረቡልና፡ ስለዚ፡ ናትና ህላወ ኣብ ቤት ምኽሪ ኢኮሶክ ንዖና ብዙሕ መኽሰብ ኣለዎ፡ ተልእኾ ናይቲ ኮምሽን ንናትና ክኢላታት'ውን ኣብ ሕቡራት ሃገራት ሰታፊኦም ክዮብ ሓጊዚ'ዩ፡ ብኡ መጠን ኣብኡ ዝህሉ ኣስተምህሮ፡ ትምህርቲ ወዘተ መኽሰብ'ዩ ንዖና፡ ስለዚ፡ ንሰታፊና ኣብቲ ውድብ ዘዐቢ'ምበር፡ ንንጉደኣሉ ነገር የብልናን፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ መጀመርታ ዓመት ንዖና ውጥን (መደብ) ከውጽእ ሰታፊናን ህላወናን ኣብ ሕቡራት ሃገራት ከዐቢ፡ "ኣብቲ ውድብ ዝህልወና ጽልዋ ክዓቢ ኣለዎ፡ " ንብል ስለ ዝበርና፡ ብኸምዚ ዓይነት ኣሰራርሓ ኢና ሰታፊና ኣብቲ ውድብ ከዕብዮ ንቃለስ ዘለና።




**ይቕጽል**..

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ሃገራት ጉጅለ-7፡ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ እገዳ ከጽንዓ ወሲነን



መራሕቲ ሃገራት ጉጅለ-7፡ ምክልኻል ኣየር ዩክሬን ንምሕያልን ኣብ ልዕሊ ቁጠባ ሩሲያ ጸቕጢ ንምፍጣርን ስጉምቲ ክወስዱ ምዃኖም፡ ኣብ'ቲ ኣብ ፈረንሳ ክካየድ ዝቐጸለ ዋዕላ ቃል ከም ዝኣተዉ ተሓቢሩ።

እቶም መራሕቲ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዘውጽእዎ መግለጺ፡ "ንሕና መራሕቲ ሃገራት ጉጅለ-7፡ ንዩክሬን ናጽነታ፡ ልኣላውነታን ግዝኣታዊ ሓድነታን ንምክልኻል ኣብ እንገብሮ ዘይንቕነቕ ደገፍ ብሓባር ደው ኢልና ኣለና" ክብሉ ቃል ኣትዮም።

"ዚ ተኣትዩ ዘሎ ሓድሽ መብጽዓ ንምትግባር ድማ ዓቕሚ ምክልኻል ኣየር ዩክሬን ንምሕያል ስጉምቲ ክንወስድ ንሶማማዕ ኣለና" ክብሉ እቶም መራሕቲ ወሲኾም ሓቢሮም።

ብዘይካ'ዚ እቲ ጉጅለ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ኢጣልያ፡ ጃፓን፡ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ኣመሪካን ሕብረት ኤውሮጳን ዝሓቖፈ ጉጅለ "ወተሃደራዊ መሳለጥያታት ዩክሬን ክውሰኽ ዘኽእል ፍቓድ ናብ'ታ ሃገር ንምዝርጋሕ ኣብ ግምት ክእቱ ድሉው ምዃኑ" እቶም መራሕቲ ኣረጋጊጾም።

ትማሊ ሰሉስ ናብ'ቲ ዋዕላ ዝተጸንበረን ምስ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕን ጴሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ማርኮ ሩብዮን ተራኺቡ ክልተኣዊ ዝርርብ ዘካየደን ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ብሰንኪ ሕጽረት ጸረ ባሊስቲካዊ ሚሳይላትን ራዳራትን ኣመሪካ፡ ዩክሬን ናይ ጉዳእ ርእሳ መሳርሒታት ንኽትማዕበል ደገፍ ክግበረላ ኣብ ልዕሊ መሓዙት ሃገራት ጸቕጢ ክገብር ጸኒሑ እዩ።

ድሕሪ'ቲ መጺጦ ሆርሙዝ ዳግማይ ንምኽፋት ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ዝተበጽሐ ስምምዕ ኣብ ልዕሊ ኑዳድን ጋዘን ሩሲያ ዝጸንሐ እገዳ ክሕየል ከም ዘኽእል'ውን እቲ ጉጅለ ኣሚቱ ኣሎ።

"ብመንጽር እዚ ኣብ ዩክሬን እንወስዶ ስጉምቲታት፡ ኑቲ ኣብ ጸላት ኑዳድን ጋዘን ሩሲያ ዘሎ እገዳታት'ውን ከሐይሎ ኢና።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ መጺጦ ሆርሙዝ ዳግማይ ንምኽፋት ምስ ኢራን ዝበጽሓ ስምምዕ ስለ እንድግፎ፡ ኣንጻር ሩሲያ ተወሳኺ ስጉምትታት ንምውሳድ ዚ ስምምዕ ከም ምቹእ ህሞት ኢና ንቖጽሮ" ክብሉ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ተወሳኺ እገዳታት ክጸንዕ ምዃኑ ኣረጋጊጾም።

## እስራኤል፡ ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ሓድሽ መጥቃዕቲ ፈጺማ



ሓይልታት እስራኤል፡ ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ሓድሽ መጥቃዕቲ ከም ዘካየዱ፡ መንግስታውያን ማዕከናት ዜና ሊባኖስ ሓቢረን።

እዚ ዝሕብር ዘሎ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ብዛዕባ ተግባራት እስራኤል ኣብ'ታ ዓረባዊት ሃገር ኣመልኪቱ ዳግማይ ነቐፌታ ኣብ ዘስምዓሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ትማሊ ረቡዑ ነፈርቲ ውግእ እስራኤል ኣብ ከባቢ ናባቲሕ፡ ኣልፋውቃን ክፉር ተብኒትን ደብዳብ ከም ዝፈጸማ፡ ሃገራዊ ማዕከን ዜና ሊባኖስ (ኤንኤንኤይ) ሓቢሩ።

ይኹን'ምበር፡ ሰራዊት እስራኤል ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ ዛጊት ዝኾነ ርእይቶ ኣይሃበን ዘሎ።

ቀዳማይ ሕጂ ግን፡ ኑቲ ብኢራን ዝድገፍ ዕጡቕ ጉጅለ ሕዝቦላህ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲታት የካይድ ከም ዘሎ ገሊጹ ነይሩ።

እቲ ኩናት ንምቁራጽ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ዝተበጽሐ ናይ ጽሑፍ ስምምዕ ክሳብ ሕጂ'ኳ ብወግዒ እንተ ዘይተዘርገሐ፡ ከም መንገኛ ኮይና ትሰምዕል ዘላ ፓኪስታን ግን እቲ ስምምዕ ንሊባኖስ'ውን ከም ዘጠቓልል'ያ ትገልጽ።

ትራምፕ ኣብቲ ኣብ ፈረንሳ ዝተኻየደ ዋዕላ ሃገራት ጉጅለ-7 ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እስራኤል ምስ ሕዝቦላህ ንዊሒ እዋን ከም እተዋግኣትን ብዙሓት ሰባት ድማ ከም ዝተቐትሉን ገሊጹ።

ትራምፕ ኣብ መግለጺኡ ወሲኹ፡ ምስ ናታንያሁ ጽቡቕ ዝምድና ከም ዘለዎ ድሕሪ ምሕባር፡ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ ሊባኖስ ንዘፍጽሞ ዘሎ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ግን ከም ዘይቕበሎ ኣረዲኡ።

ሰራዊት እስራኤልን ሕዝቦላህን ስምምዕ ኣመሪካን ኢራንን ዝሓለፈ ሰንበት ምሸት ካብ ዝግለጽ ንደሓር፡ ተኹሲ ደለዋወጡ ምህላዎም'ዩ ዝሕበር።

## ፕሮግራም መግቢ ዓለም፡ ናይ ልዕሊ ፍርቂ ቢልዮን ዶላር ሓገዝ ረኺቡ

እቲ ብምንካይ ምወላ ኤውሮጳን ኣመሪካን ኣገዳ ተሃሲዩ ዘሎ ፕሮግራም መግቢ ዓለም፡ ትማሊ ረቡዕ ብመንግስቲ ኣመሪካ ዝተሰልዐ ናይ 800 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ከም ዝተቐበለ ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ ሮማ - ኢጣልያ ዝመደበሩ ትካል ሕቡራት ሃገራት፡ ኑቲ ኣመሪካ ዘበርከተቶ ሓገዝ ኣመልኪቱ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ "እዚ ሓገዝ እዚ፡ ንንጥፈታት መግቢ ኣመጋግባን ውድብ መግቢ ዓለም ብምድጋፍ፡ ብውሑዱ ኣብ 37 ሃገራት ንዝርከቡ ልዕሊ 38 ሚልዮን




ብጥሜት ዝተጠቕዑ ዜጋታት ንምርዳእ ከኽእል'ዩ" ኢሉ።

እቲ ሓገዝ ኣብዚ ዓመት ብደረጃ ዓለም መጠን ጥሜት ክብረ ወሰን ሐዙ ኣብ ዘለወሉን፡ ቁጽሪ ናይ'ቶም ሕሱም ጥሜት ዘጋጥሞም ሰባት ክውሰኽ ትጽቢት ኣብ ዝግበረሉን ዘሎ እዋን ይወሃብ ብምህላው፡ ኑቲ ሓይጋ ቅልጡፍ ምላሽ ኣብ ምሃብ ክሕግዝ ምዃኑ፡ ፕሮግራም መግቢ ዓለም ሓቢሩ።

ውድብ መግቢ ዓለም ብወገኑ፡ እዚ ሓድሽ ምወላ፡ ኣብ ቀረብ መግቢ ቅድመ-ምድላው ንምግባር፡ መደባት ገንዘባዊ ሓገዝ ንምስፋሕን ኣብ ከም ብዓል ሊባኖስ፡ ሀይቲን ዲሞክራስያዊት ረፓብሊክ ኮንጎን ዝኣመሰላ ብቕልውላው ቀንጠብ ዝተሃስያ ሃገራት ቀረብ መግቢ ንምውሓስን ከኽእሎ ምዃኑ ገሊጹ።

## ሩዋንዳ፡ ሕማም ኢቦላ ንምግታእ ትሰርሕ

ኣብ ዲሞክራስያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ፡ ለቡዳ ሕማም ቫይረስ ኢቦላ ዳግማይ ካብ ዝኸሰት ሓደ ወርሒ ኣቍጺሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ መንግስቲ ሩዋንዳ እቲ ሕማም ኣብ ሃገሩ ንኸይስፋሕፍሕ ብልዑል ንቕሓት ይሰርሕ ከም ዘሎ፡ ሰብ መዚ ጥዕና ናይ'ታ ሃገር ትማሊ ሰሉስ ገሊጾም።

ሚኒስትሪ ጥዕና ሩዋንዳ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ሰብ መዚ ህዝባዊ ጥዕና ኑቲ ኩነታት ብቐረባ ብምክትታል፡ ቅልጡፍ ስጉምትታት ናይ ምውሳድ ድሉውነት ናይታ ሃገር ዓቕሚ ይሰርሑ ከም ዘለዉ ሓቢሩ።

ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሩዋንዳ በቲ ቀታሊ ቫይረስ ዝተለኽፉ ዜጋታት ከም ዘየለዉን፡ ኣብ ደብት ናይታ ሃገር ድማ ንጡፍ ምትሕልላፍ ናይቲ ቫይረስ ከም ዘየለን እቲ ሚኒስትሪ ኣመልኪቱ።

"ሓይጋ ምትሕልላፍ ናይዚ ቫይረስ ናብ ሩዋንዳ ትሑት እኳ እንተኾነ፡ ንቑሓት ኮይንና ንምክትታልን ብኣግኡ ቅልጡፍ ምላሽ ንምሃብን ድሉውነትና ኣሐዩልና ኣለና" ክብል እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት፡ ሩዋንዳ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ኮንጎ ንዝኣትዉ ዜጋታት ይኹኑ በጻሕቲ ግዜታዊ ናይ ምውሻብ ስጉምቲ ክትወስድ ምጽንሓ ይፍለጥ።



## ዴንማርክ ናብ ላቲቭያ ሰራዊት ተዋፍር

ሚኒስትሪ ምክልኻል ዴንማርክ፡ ኣብ ዝመጽእ ቀረባ እዋን ናብ ኣባል ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ዝኾነት ላቲቭያ 850 ወተሃደራት ዝሓቖፈ ቦጦሎኒ ከዋፍር ምዃኑ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ናይ'ታ ሃገር ጃኮፕ ብሩስ ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ እቲ ዝለኣኽ ቦጦሎኒ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ዓስኪሩ ንዝጸንሐ ናይ ሽወደን ክፍሊ ሰራዊት ዝትክእ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ብሩስ ምስ ኣባላት ባይቶ ዴንማርክ ድሕሪ ዘካየዶ ዕጹው ኣኼባ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ንሩሲያ ኣብ ምህንቃፍ እጃምና ክንዋጻእ ኣጕዲሲ'ዩ። እቲ ኩነታት ከመይ ይምዕበል ከም ዘሎ ኩሉ ሰብ ክርኢ ይኽእል'ዩ፡ ዕቱብ ጉዳይ ምዃኑ'ውን ርዱእ'ዩ" ኢሉ።

ኤውሮጳ ናይ ጉዳእ ርእሳ ጸጥታ ንምርግጋጽ ዚያዳ ሓላፍነት ትወስድ ዘሎ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ንኤውሮጳውያን ኣባላት ኔቶ ኣብ ኩናት ኢራን ደገፍ ከም ዘይገበራ ብምኽሳሱ ሰራዊቱ ካብ ጀርመን ድሕሪ ምስሓቡ እዩ።

